# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.199 | ሓሙስ 20 ሚያዝያ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ምፍኳስ ጸርደቂ-ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት


ገጽ 4
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 5
መርበብ መድለዪ ሓበሬታ search engines



ገጽ 7
ሮናልዶ ካብ ስዑድያ ክጥረዝ ጸውዒት ቀሪቡ


# ማእከል - ክትትል ጥዕና ተመሃሮ ብዝተወደበ ኣገባብ ይካየድ ኣሎ



ኣብ ዞባ ማእከል፡ ተመሃሮ ብሰንኪ ጉድለት ጥዕና ዓይኒ፡ እዝኒ፡ ኣፍንጫ፡ ጎረሮን ካልእን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይበኾሩ ዝዓለመ ክትትል፡ ብዝተወደበ ኣገባብ ይካየድ ኣሎ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ኣወሃሃዲት መደባት ክትትል ጥዕና ተመሃሮ ሲስተር ለተብርሃን ዓንደሚካኤል ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ በዚ ብምውህሃድ ጨናፍር ሚኒስትሪታት ጥዕናን ትምህርትን ዝሰላሰልን 13 ዓመታት ኣቑጺሩ ዘሎን መደብ፡ መርመራ ዓይኒ ኣብ ዝተገብረሎም ልዕሊ 34 ሽሕ ተመሃሮ፡ ኣስታት 4,500 መነጽር ክዕደሉ ከለዉ፡ 799 ናብ ዝለዓለ ሕክምና ከምዝተላእኩ ገሊጻ።

ቁልዑ ጽሬቱን ጥዕናኡን ዝተሓለወ ኣሰናን ንኽውንኑ፡ ወለዲ ቀጻሊ ክንክንን ክትትልን ክገብሩሎም ከምዝግባእ ዝጠቐሰት ሲስተር ለተብርሃን፡ ክትትል ጥዕና ስኒ ኣብ ዝተገብረሎም ኣስታት 53 ሽሕ ተመሃሮ፡ እቶም ልዕሊ 23 ሽሕ ዝተበላሸወ ኣስናኖም ከምእተኣልየሎም፣ 3,284 ንዝለዓለ ሕክምና ከምእተላኩ፣ ልዕሊ 1 ሚልዮን ብልቃጥ ኮልጌት ድማ ብናጻ ከምእተዓደለ ኣብሪሃ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሕክምና እዝኒ፡ ኣፍንጫን ጎረሮን ኣብ ዝተገብረሎም 22,605 ተመሃሮ፡ 2,229 ንዝለዓለ ሕክምና ከምእተላእኩ፣ ናይ ቁርበት መርመራ ኣብ ዝተገብረሎም 25 ሽሕ ተመሃሮ ድማ እቶም 5 ሽሕ ንኣድላዪ ሕክምና ናብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓሊቡት ከምእተላእኩ ኣረዲኣ።

ኣብ'ቲ መደብ 37 ዓመታት ዝሰርሓ ሱብ ሞያ ጥዕና ብግደአን፡ ኣብ ተመሃሮ ጊኡ ዝርአ ረኽሲ ጎረሮ ምኻኑ፡ ጠንቁ ድማ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝሸየጥ ምቁርን ዝሑልን ነገራት ስለዝኾነ፡ ክኽልከል ተላብዩን።

ወለዲ ብወገኖም፡ እቲ መደብ ኣብ ርእሲ'ቲ ደቆም ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸየቋርጹ ዘለዎ ግደ፡ ኣብ ሃልኪ ገንዘብን ኮለልን'ውን ከምዝድሕኖም ገሊጾም።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ኣብ ኣገዳስነት ምውርራስ ክብርታት ሰሚናራት ተኻዩዱ

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ኣገዳስነት ምውርራስ ክብርታት ዝተኮረ ሰሚናራት፡ ብሓለፍቲ ስታፋትን ኣሃዱታትን እዚ ምብራቓዊ ግንባር ተኻዩዱ።

ኣብ'ዚ ካብ 3 ክሳብ 15 ሚያዝያ ኣብ ዓሰብ፡ ጢዖ፡ ዕዱ፡ ኣፋምቦ፡ በዩሉልን ዋደን ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ማእከላይን 2ይን ደረጃታት ዝተኻየደ ሰሚናራት፡ ክብሪታት ሓርነታዊ ቃልስናን ሕብረተሰብናን ሰረት ድልዱል ሃገራዊ መንነትን መጻኢ ወለዶታትን ከምዝኾኑ፣ ስለ'ዚ ድማ ብግቡእ ክኽስከሱን ክሰርጹን ኣገዳሲ ምኻኑ ተገሊጹ።

ኣካየድቲ ናይ'ቲ ሰሚናራት ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ፡ ምህናጽን ምምዕባልን ሃገር ንቑሕን ብቑዕን መንእሰይ ወለዶ ንምህናጽ ብዝግበር ወፍሪ ከምዝጅምር ብምጥቃስ፡ ብሩህ መጻኢ ንምውናን - ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ከድህቡን ተወዳደርቲ ክኾኑን ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ታሪኽ - ወለዶታት ዝቀባበሉሉ መሰርሕ ስለዝኾነ፡ ኣብ ምዕባለ ሃገሮምን ራህዋ ህዝቦምን ግቡእ ተራ ክህልዎም ተላብዮም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሕሉፍ ታሪኽ ዘስተምህርን ኣብ ምውርራስ ክብሪታት ዝተኮረን ተመሳሳሊ ሰሚናራት ቀጻልነት ክህልዎ ተማሕጺኖም።

# እምኒ-ሓይሊ - ሽፈነ ኣገልግሎት ኤሪ-ቴል ንምስፋሕ ትሕተ-ቅርጺ ይዋደድ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒሓይሊ፡ ሽፈነ ኣገልግሎት ኤሪተል ንምስፋሕ ዝዓለመ ትሕተ-ቅርጺ ይዋደድ ኣሎ።

ነቲ ስራሕ ዝከታተል ዘሎ ኢንጂነር ተወልደ መሓሪ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ብወህደት ህዝቢ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኩባንያ ህንጻ ብደህሆን ዝዕመም ዘሎ ብማሽነሪ ዝተደገፈ መደብ፡ 80 ሚእታዊት በጺሑ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ ኩባንያ ህንጻ ብደሆ ሓላፊ ፕሮጀክትታት ምብራቕ ኣቶ ምስግና ካሕሳይ ብወገኑ፡ እቲ ስራሕ ነቲ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝጸንሐ ድኹም መስመር ኤራቴል ዝፍውስ ብምኻኑ ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ንዝገብርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ ሞጊሱ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኩዱ-ኣበዑር መንእሰይ የማነ ጸጋይ ድማ፡ ህዝቢ ክረኽቦ ዝጸንሐ ኣገልግሎት ኤራ-ቴል ብዘይድጋገሚ ዝቋራረጽ ብምንባሩ፡ እቲ ስራሕ ምስ ተዛዘመ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከብ ትሽዓተ ምምሕዳራት ከባቢ ዘዕጉብ ኣገልግሎት ክረኽብ ትጽቢት ከምዘሎ ሓቢሩ።

# ሆስፒታል ተሰነይ፡ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምግታእ ይሰርሕ

ሆስፒታል ከተማ ተሰነይ፡ ተርእዮ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምቁጽጻር ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ክፍሊ ምቁጽጻር ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣቶ የናስ ተኪኤ ሓቢሩ።



እቲ ክፍሊ ብቐንዱ ኣብ ምክትታልን ምፍዋስን ሕማማት ሽኮር፡ ጸቕጢ ደምን ሕማም ልብን ከምዝሰርሕ ዝጠቐሰ ኣቶ የናስ፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ተርእዮ'ቶም ሕማማት እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣስታት 3 ሽሕ ተገልገልቲ ስሩዕ ምክትታል ከምዝካየደሎም ብምሕባር ድማ፡ ሳዕቤናት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ክሳብ ሞትን ስንክልናን ስለዘስዕቡ፡ ዜጋታት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 6 ወርሒ ኩነታት ጥዕናኦም ከረጋግጹ ኣዘኻኺሩ።

ልዑል ክብደት ሚዛን፡ ትሑት ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ዘይምዝውታር ዝተመጣጠነ መኣዛዊ መግቢ፡ ልዑል መጠን ኣልኮላዊ መስተን ካልኦት ወልፍታትን ኣብ ጠንቅታት ምኻኖም ዝሓበረ ኣቶ የናስ፡ ተርእዮን ሳዕቤናትን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምክልኻል፡ ተገልገልቲ ንዘውጽኦም መድሃኒት ከም ኡ'ውን ምኽርን ማዕዳን ብዝግባእ ክተግብሩ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ'ቲ ሆስፒታል ዝዋደድ ዘሎ ዘመናዊ መሳርሒታት፡ ኣብ ምምላእ ዝጸንሐ ሕጽረታት ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ፣ ንተገልገልቲ'ውን ካብ ዘይተደልየ ወጻኢታትን ብኽነት ግዜን ከምዘናግፍ ገሊጹ።

ተገልገልቲ ብግደኦም፡ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ዝረኽብዎ ዘለዉ ኣገልግሎትን ሞያዊ ምኽርን፡ ኣብ ጥዕናኦም ርኡይ ምምሕያሽ የምጽእ ከምዘሎ ኣፍሊጦም።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ምስራቕ ሂላል ወርሒ ሸዋል

ሂላል ወርሒ ሸዋል፡ ለሚ ሓሙስ 29 ሮሞዳን 1444 ሂጅራ፡ ማለት 20 ሚያዝያ 2023 ክትሰርቕ ትጽቢት ይግበር። ሂላል ወርሒ ሸዋል ኣብ'ዚ ዕለት'ዚ እንተሰሪቓ፡ ዒድ ጸባሕ ዓርቢ 21 ሚያዝያ ይኸውን። ምስራቓ ምስ ዘይረጋገጽ ግን፡ ዓርቢ 21 ሚያዝያ መዛዘሚት ወርሒ ሮሞዳን ተቖጺራ፡ ዒድ ቀዳም 22 ሚያዝያ ይውዕል። ስለ'ዚ፡ ሓሙስ ምሸት ማዕከናት ዜና ንከታተል።

ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ኢፍታእን እስላማዊ ጉዳያትን ኤርትራ

## ዜና

# ፕሮጀክት ሕርሻ ፈስኮ፡ ኣብ ምድንፋዕ ልምዓት ኣዝርእትን ጥሪትን ይነጥፍ



ኣብ ትሕቲ ዱጋታት ፋንኮ ጽሙእን ፋንኮ ራዊን ዝነጥፍ ፕሮጀክት ሕርሻ ፈስኮ፡ ኣድማዒት ናይቲ ኣብ ምምዕባል ኣዝርእትን ልምዓት ጥሪትን ዘኪይዶ መደብ ንምሕያል ይሰርሕ ኣሎ።

ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ፕሮጀክት ኣቶ ታደሰ ፍስሃየ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ጠለብት ፋብሪካታት ባፍተዮም - ኣለቡን ኣፍሂምባልን ንምምላእ፡ ኣብ ምዕባይ እቶት ኮማይደረ ዝተኻየደ ወሀድ ስራሕ ወጽኢታዊ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ መካበሮ ተቐማጦ ፈስኮን ፋንኮን እውን ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ተኽኒክ ኢንጂነር ሳህለ ኣብርሃ ድማ፡ እቲ ፕሮጀክት ካብ ኣሕምልቲ - ኮሚደረ፡ በርበረን ሽጉርቲን፡ ካብ ፍረታት ድማ ማንጎስ፡ ኣራንሽን ተምርን ብምልማዑ ወጽኢታዊ ስራሕ ይዓምም ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ከብቲ፡ ኣጠልን ኣግማልን ብምፍራይ ወጽኢት ጸባን ስጋን ንምስሳን ቀጻሊ ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ'ውን ሓቢሩ።

እቲ ከባቢ ንኮሚደረ ኣዝዩ ምቹእ ብምዃኑ፡ ክሳብ 600 ኩንታል ካብ ሄክታር ዝሕፍስሉ ግዜያት ከምዘሎ ዝጠቐሰ ኢንጅነር ሳህለ፡ ውሕስነት ማይን ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጻን ኣብ ዝረጋገጸሉ፡ ብማሳኖ ክለምዕ ዝኽእል ኣስታት 2000 ሄክታር ተመድሚዱ ከምዘሎ ገሊጹ።

ፕሮጀክት ሕርሻ ፈስኮ፡ ኣካል ሕርሻታት ደብባዊ ምዕራብ ኮይኑ፡ ዘለዎ ተኽእሎ ሕጽረታት ብምፍታሕ ኣፍራይነቱ ንምዕባይ ልዑል ጻዕሪ ዝገብር ዘሎ ምዃኑ፡ ኣቐዲሙ የጽኑ።

# ሓጋዝ - ነበርቲ ሓሸሻይ ኣብ ምስፋሕ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እጃሞም ከምዘበርክቱ ገሊጾም

ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕን ንምምዕባልን ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ እጃሞም ከምዘበርክቱ፡ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ሓሸሻይ - ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ሳላ ምወሃሃድ ህዝብን መንግስትን፡ ኣብ'ቲ ከባቢ - ማስመር ጽሩይ ማይ፡ መደበር ጥዕና፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዝዘርግሓ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብርክት ዝበሉ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎትን ዕዳጋ ጥሪትን ተዋዲዱ፡ ኣብ ህይወቶምን ምዕባለ ከባቢኦምን ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ሓቢሮም።

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት፡ ምምሕዳራት ከባቢ ጎልጅ፡ ሸንጌንን ሓሸሻይን ኣብ ሓደ ቦታ ስለዝተጠርነፉ፡ እተን ዘለዋ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምስ ብዝሒ ነበርቲ ዝመጣጠን ኣገልግሎት ክህባ ምእንቲ፡ ሕጽረታተን ዝፍታሓሉ መዓይ ክናደ'ውን ተማሕጺኖም።

እቶም ወሃብቲ ርእይቶ ኣሰዒቦም፡ ማስመር ተንቀሳቓሲ ቴሌፎን ምልእ ክኸውን፣ ብወፈራታት ናብ ዓድም ዝኣቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ ስለዝተጸርገ ኣውቶብስ ሓራት ክትምደበሎም፣ ኣገልግሎት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክጅመረሎም፣ ኣብ ሓሸፈራይ በጺሑ ዘሎ ማስመር ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናብ ዓዶም ዝኣትወሉ ኩነታት ክፍጠርን ሕመማት እተመላለስ ኣምቡላንስ ክትምደበሎምን ብምዝኽኻር፡ ብኡልቦቶምን ገዛዕቦምን ኣበርክቶ ክገብሩ ቅሩባት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ሓላፊ መደበር ጥዕና ሓሸሻይ ተሓጋጊ ነርስ መሓመድ-ዑስማን መሳ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሽፈነ ክታበት ህጻናትን ሕርሲ ኣብ ትካላት ጥዕናን 100 ሚእታዊት፣ ክንክን ቅድሚ ሕርሲ 87 ሚእታዊት፣ ተጠቀምቲ ኮም ዝመርሓ መደባት ከዑቢያዊ ጽሬት ድማ ልዕሊ 75 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ብምግላጽ፡ ንተራን ኣበርክቶን ወከልቲ ጥዕና ዓዲ ሞጒሱ።

# ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደቂ-ዘርኡ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ይሰፍሕ ኣሎ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደቂዘርኡ - ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምስፋሕ ብህዝብን መንግስትን ዝካየድ ዘሎ ዕማም ጽቡቕ ገስጋስ የመዝግብ ኣሎ።

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ናይ መባእታ ቤት-ትምህርቲ፡ ፕሮጀክት ጽሩይ ማይን መደበር ጥዕናን ተዋዲዱሎም ክግልገሉ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ኤሌክትሪክ ንምእታው ኣብ ምዝርጋሕ ማስመር ተጸሚዶም ከምዘለዉ ገሊጾም።

ኣመሓዳሪን ኣካያዲ ስራሕን ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ብግደኦም፡ 6 መዐደሊ ነቑጣታትን ምዝርጋሕ ሻምብቆታትን ዘጠቓልል ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምውዳድ ኣብ ዝካየድዎ ጻዕሪ መንግስቲ ንዝገበረሎም ደገፍ ሞጒሶም።

ሞያውያን ጥዕና ብወገኖም፡ ኣብ 2018 ኣገልግሎት ዝጀመረት መደበር ጥዕና ደቂዘርኡ፡ መርመራ ንጓሳይትን ህጻናትን፡ ክታበት፡ ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ዘጠቓልል ኣገልግሎታት ከምእትህብ ብምሕባር፡ እኹል ቀረብ መድሃኒትን ጹሩያዊ ጸዓትን ስለዘለዋ፡ ዝምስገን ንጥፈታት ተሰሊሱ ከምዘሎ ኣዘረቡ።

መደበር ጥዕና ደቂዘርኡ፡ ንዓዲታት ደቂ-ዘርኡ፡ ደርስዓይ፡ ሒሩኣዜንን ደምባታትን ቆሸታትን ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ንኣምንን ኣገልግሎት ትህብ።

ምምሕዳር ከባቢ ደቂዘርኡ፡ ካብ ኣስመራ ኣስታት 54 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።

# ሻምብቆ - ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፡ ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን ዘተኮረ ኣስተምህሮ ንህዝቢ ሂቡ።

ኣብ'ዚ ናይ'ቲ መደበር ኮፕራል ብጹእኣምላኽ ዓንደብርሃን፡ ገበናትን በደላትን ንምክልኻል ፖሊስ ንበይኑ ዘኪይዶ ንጥፈታት እኹል ስለዘይኮነ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ብምዕባይ ተሳትፎኡ ምዕዛዝ ወሳኒ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ 2022 ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ጥራይ 83 ገበናት፡ 941 በደላትን 300 ጥሕሰት ትራፊክን ከምእተመዝገበ ዝጠቐሰ ኮፕራል ብጹእኣምላኽ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘየድሕን፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ንቕሓቱ ኣቢሩ ካብ ገበናትን በደላትን ክሕሎን ኣብ ምክልኻሉ ኣበርክቶ ክገብርን ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

ኮፕራል ብጹእኣምላኽ ዓንደብርሃን ኣብ መወዳእታ፡ ኲ-ኲ'ቶም ተርእዮ ገበናትን በደላትን ንምግታእ ዝካየዱ ንጥፈታት፡ ኣብ ወሸጢ ሕብረተሰብ ዘሎ ጉዳያት ብዕርቂ ናይ ምድቃስ ጭዋ ባህሊ ክዕቀብ ኣተሓሳሰበ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


# ጋሽ-ባርካ - ኣብ ምሕያል ንጥፈታት ድሕነት ኣደን ህጻንን ተዘትዩ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ልምዳዊ ኣገባብ ሕርሲ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ይቕጽልን ድሕነት ኣደን ህጻንን ኣብ ሓደጋ የውድቖን ስለዘሎ፡ ነዚ ተርእዮ'ዚ ንምግታእ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምዕባይ ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ኣቑርደት ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ወከልቲ ህዝብን ኣመሓደርትን ንኡስ ዞባታት ኣቑርደት፡ ድግን መንሱራን ዝተሳተፍሉ ርክብ፡ ኣባላት ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ዘቕረብዎ መግለጺ፡ ልምዳውያን መሕረስቲ ኣብ ዓድታት ገና ከሕርሳ ደርእያ ብምህላወን፡ ዚ ሓደገኛ ልምዲ ደው ንምባል፡ ኩሉ ኣካል ኣበርክቶኡ ክዕዝዝ ጸዊዖም።

ኣደ-መንበር ሃግደኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ወ/ሮ ይሕደጋ የውሃንስ ብወገና፡ ነቲ ተርእዮ ብምግታእ ድሕነት ኣደን ህጻንን ንምርግጋጽ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብሞያውያን ዝካየድ ዘሎ ኣድማዒ ጻዕሪ፡ ኩለን ደቀኣንስትዮ ብሓፈሻ ኣዴታት ድማ ብፍላይ ብንቕሓት ክሳተፋ ብምዝኽኻር፡ ተራ ውዳበታት ሃግደኤ ንምሕያል ብዕቱብ ከምዝሰርሓ ኣረጋጊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እተን ብልምዲ ዘሕርሳ ኣዴታት፡ ብሚኒስትሪ ጥዕና ኣፍልጦን ስልጠናን ረኺበን ኣገላግሉቲ ጥዕና ንምምባርን ዝካየድ መደብ ወጽኢታዊ ስለዝኾነ ክድፋኣሉ፣ ነተን ካብ'ዚ ወጻኢ ኣብ ምሕራስ ዝጸንሓ ደማ ዕቱብ ቁጽጽርን ኣራሚ ስጉምትን ክወሰደለን ተላብዮም።

ኣቦመንበር ባይቶ ዞባ ኣቶ ዑስማን መሓመድ-ዓሊ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ድሕነት ኣደን ህጻንን ንምዕባይ ዝካየድ ጻዕሪ ብዙሓደለ ክቕጽል ብምልባው፡ ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ዘይገብራ ነፍሰጾራት ዘድሊ ቁጽጽርን ሓገዝን ክግበረለን ጸዊዑ።

ኣቶ ዑስማን ወሲኹ፡ ንጥፈታት ልምዳውያን መሕረስቲ ንኣዴታትን ዕሸላትን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስለዝኾኑ፡ ደው ክበል ብወሀደት ክሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

# ነበርቲ ሞልቀ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘጋንሐ ሕጽረት የቃልሉ

ተቐማጦ ሞልቀ - ንኡስ ዞባ ላዕላይ-ጋሽ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘጋንሐ ሕጽረት ንምቅላል ብዘወሰድዎ ተበግሶ፡ ገዛዉቶምን ጉልቡቶምን ኣወሃሂዶም ተወሰኽቲ ክፍልታት ሃኒጾም።

ዘጋንሐ ሕጽረት መምሃሪ ክፍልታት፡ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብኣሉታ ከጸልዎ ምጽንሑ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሞልቀ ኣቶ ኣስገዶም መንግስቱ፡ ነዚ ሽግር'ዚ ንምቅላል ልዕሊ 370 ሽሕ ናቕፋ ብምውጻእ ተበግሶ ከምዝወሰዱ፣ መንግስቲ ድማ ናይ ዚንጎን ሞራለን ደገፍ ከምዝገበረሎም ኣብሪሁ።

ርእሰመማህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መማህር ሃብቶም ጉብረሂወት ብወገኑ፡ ቁጽሪ ተማሃሮ እናወሰኸ ብምምጽኡ ጸበት ኣጋጢሙ ምንባሩ ጠቒሱ፡ ህዝቢ ንዝወሰዶ ተበግሶ ሞጒሱ።



ነበርቲ ብግደኦም፡ ጸልዋ ናይ'ቲ ዘጋንሐ ጸገም ቀሊል ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ዝተረፈ ሕጽረታት ኣብ ምምላእ ዓቕሞም ዝፍቅዶ ኣበርክቶ ክገብሩ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ምፍኻስ ጾር ደቂ-ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት



ሱታፌ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ እተፈላለየ ጽፍሒታት ስራሕ ንኽረጋገጽ፡ ሓያል ቃልሲን ጻዕርን ተኻይዱ እዩ። ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ህንጻት ሃገርን ምኽባር ልኡላውነትን ማዕረ ደቂ-ተባዕትዮ ብዘወዳደርት ተሳቲፋን ቅያ ጅግንነት ፈጺማን እያ። ብኸላ እተን ቀዳሞት ኣሓተንን ኣዴታተንን ዘንጸፈኦ ጥጡሕ ባይታ ከኣ፡ ናይ ሎሚ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ተሳተፍትን ተኻፈልትን ዝዘዋደዱ ዕድላት ክኸፍና በቒዐን ኣለዋ። የግዳስ፡ ተሳትፎ ብዘይ ኣድማዕነትን ኣፍራይነትን ተጨባጢ ዕቤት ከመዝግብ ኣይክእልን እዩ። ኣብ'ዚ እዋን ብዙሕ ብደሆታት ሰጊረን ኣብ ትምህርተን ዕዉታት ዝኾና፡ ብእተፈላለየ ማዕርግ ተመሪቐን ኣብ መንግስታውን ብሕታውን ትካላት ዝሰርሓ ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ገና ሓደ መሰረታዊ ጸገም የጋጥመን ኣሎ።

ሰራሕተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ድሕሪ ወሊድ ናይ ኣፍራይነት ብቕዓተን ክጎድል ይረአ እዩ። ምሉእ ሓለፍነትን ናብዮትን እቲ ህጻን ንዓኣተን ጥራሕ ስለዝወድቕ፡ እተን ክንዮ ምስታፍ ኣድማዕነት ብምፍኻን ዕዉታትን ኣብነታውያንን ክኾና ዝኽእላ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ንኸሉ ሕልምታተን ራሕሪሐን ወሊደን ኣብ ምዕባይ ይጽመዳ። ስለዚ፡ ኣስራሕቲ ትካላት፡ ደቂ-ኣንስትዮ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ድሕሪ ወሊድ ዘጋጥመን ማሕበራዊ ጸገም ንምፍታሕ፡ ጾረን ንምቅላል ኣብ ቦታ ስራሕ መጽንሒ ህጻናት ከዋድዳ ኣለወን። እቲ ረብሓ፡ ፈለማ ነታ ጓል-ኣንስተይቲ ክኸውን እንከሎ፡ ቀጺሉ ድማ ነቲ እትሰርሓሉ ትካልን ወሉዳን እዩ።

መጽንሒ ህጻናት ኣብ ዘይብሉ ትካል እትሰርሕ ጓል-ኣንስተይቲ፡ ድሕሪ ወሊድ ኣብ መንጎ ወሉዳን ስርሓን ንሓዲኡ ክትመርጽ'ያ እትግደድ። ኣደ ወትሩ ንውላዳ'ያ ቀዳምነት እትህቦ። ንኽትምጎቦ ኩሉ ድሌታቱ ንኸተንብብ፡ ኣደ ኣብ ጥቓ ውላዳ ክትህሉ'ዩ ዘለዋ። ብኣንጻር'ዚ፡ ዋላ'ውን ኣብ ቦታ ስራሕ እንተ ተረኽበት፡ ኣእምሮኣ ብዝዕባ'ቲ ተፈልዩዋ ዘሎ ውላዳ ኣብ ምሕሳብ ስለዝጽመድ፡ ኣድማዕነታ ወይ ኣፍራይነታ ክጎድል ግድን እዩ። ስለዚ፡ ነታ ብዙሕ ፍልጠትን ብቕዓትን ዝዋሃበረት ዜጋ፡ ጥጡሕ ናይ ስራሕ ባይታ ብምንጻፍ ግዜኣ-ርእሳ ክትክእል፡ ንሕብረተሰብን ሃገራን ኣፍራይት እትኾነሉ ምርጫታት ክቐርበላ ኣለዎ።

ብዙሓት ኣብ እተፈላለየ ዕማም ተዋፊረን ስድራ-ቤተን ዝኣልያ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ድሕሪ ወሊድ ካብ ሞያኦን ክግለላ ንዕዙብ ኢና። ብዘውንናኦ ምሉእ ብቕዓትን ክእለትን፡ ኣብ ሃገራዊ ወፍሪ ተሳቲፈን እጃመን ከበርክታ እናኸኣላ፡ ድሕሪ ምውላደን ግን፡ እቲ ንዊሕ ዓመታት ተጋዲለን ዘኻዕበትኦ ፍልጠት ኣብ ወሸጠን ተደቢኑ ይተርፍ። ስለዚ፡ እዚ ማሕበራዊ ብደሆ ንምፍታሕ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ግድን መጽንሒ ህጻናት ክምስረት ይግባእ። ኣብ ሃገርና ውሑዳት ትካላት፡ ጸገም ሰራሕተኛታተን ንምቅላል ተበጊሰን ይሰርሓ ኣለዋ። ብዘወሳኺ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ መጽንሒ ህጻናት ምውዳድ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ስድራ-ቤታት ዝፈጥሮ ሩፍታ፡ ነተን ትካላት'ውን ተደራራቢ ረብሓ'ዩ ዘለዎ።

መትከል ዜጋታት ብቑጠባውን ማሕበራውን መዳዩ ክመሓየሽ እንተኾይኑ፡ ግድን ንኹነታት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ግምት ዘእቱን ዝምእምእን ኣሰራርሓ ክህሉ ኣለዎ። ቅድም ብደቂ-ተባዕትዮ ጥራይ ተባሒቱ ወይ ውሑዳት ደቂ-ኣንስትዮ ጥራይ ዝሳተፈኦ ዝነበረ ሞያታት፡ ሎሚ ብተሳትፎ ክልቲኦ ጾታታት እናተዛዘቐ ይመጽእ ኣሎ። እምበኣርከስ፡ ትካላት ኣብ ስርዓት-ኣሰራርሓ ዳግመ-ኽለሳ ክገብራ ኣለወን። በዚ መሰረት፡ ንሕጽረታትን ጸገማትን ክልተ ወገናት ዝፍውስ፡ ሚዛናዊ መምርሒታት ክሕንጸጽ ኣለዎ።

ኣብ'ዚ እዋን፡ ኣገልግሎት መጽንሒ ህጻናት ኣብ ቦታ ስራሕ ምትእትታው፡ ኣብ ብዙሕ ከበቢታት ዓለም እናሰፍሐፍሐ ይርከብ። ኣገልግሎት መጽንሒ ህጻናት ኣብ ክልተ ዕላማታት ኣተኲሩ'ዩ ዝበጽሕ፡ ቀዳማይ፡ ሰራሕተኛታት ወለዲ ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ንኸሉ ንጥፈታቶም ብትግሃት ንኽካይዱ ዝዕድም እዩ። ካልኣይ፡ ትካላት ጸገም ሰራሕተኛታት ብምፍዋስ ዕቤት ንኸመዝግቡ ይደርኽ። ከም ወጽኢቱ ሰራሕተኛታት ብቲ ዝዋደደሎም ዕድላት ተተባቢዖም፡ ብምሉእ ጸዓቶምን ክእለቶምን ብምዕያይ ዝያዳ ኣፍረይቲ ዝኾኑሉ ባይታ ይፍጠር።

ወፋያትን ብላሕትን ሰራሕተኛታት፡ ዕቑር ጸጋ ትካላት እዮም። እቲ ጸጋ ብግቡእ ንኽብርክር፡ ንሰራሕተኛታት ዘድሊ ኣገዳስቲ ጠለባት ክማላእ ይግባእ። ስለዚ፡ ከምቲ ወለዲ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-ኩነት ድሌታት ደቆም ንምማላእ ዝጽዕሩ፡ ኣስራሕቲ ትካላት ድማ ንጉዳይ ሰራሕተኛታት ልዑል ግምት ብምሃብ፡ ምቹእ ናይ ስራሕ ሃዋህው ክፈጥራሎም ኣለወን። እዚ ምስ ዝኾነ፡ ሰራሕተኛታት ዝያዳ ስለ ዝተባብዑ፡ ብዙሕ ክፍርዩን ብምሉእ ዓቕሞም ክሰርሑን ይኽእሉ። ብሳዕቢ ብኩራት ዝሰዓብ ዝነበረ ሃንፍ ድማ ስለ ዝጸብብ፡ ዕቤት እቲ ትካል ብዘዓጻጽፌ ይወስኽ።

ካልእ፡ ሰራሕተኛታት ምሉእ ኣደህቦኦም ኣብ ስራሕ ስለ ዝገብሩ፡ ዝያዳ ተበላሓትቲ ይኾኑ። ንኣብነት፡ ሓንቲ ኣደ ምስ ውላዳ ተኻፊሊት እቲ ኣገልግሎት ምስ እትኸውን፡ ሩፍታን ዕጋበትን ስለዝህልዋ፡ ብቐጻሊ ዝተፈላለየ ትምህርቲን ስልጠናን ብምቕሳም፡ ክንዮ ተራ ሰራሕተኛ ብምኻን ኣብ ዕቤት እቲ እትሰርሓሉ ትካል ልዑል ኣበርክቶ ክህልዋ ይኽእል። ብዘወሳኺ'ውን፡ ኣብ ማእከል ቀጽሪ ትካላት መጽንሒ ህጻናት ምምስራት፡ ሰራሕተኛታት ብናጽነትን ብዘወዳይነትን ንኽፀዱ ይዕድም'ዩ።

ኣብ ሕብረተ-ሰብና፡ ሓላፍነት ምእላይ ቆልዑን ሓዳርን ኣብ ዝባን ጓል-ኣንስተይቲ እዩ። ሰራሕተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ ድርብ ሓላፍነት ዝተሰከማ እየን። ንኣብነት፡ ኣደ ንኸሉ ጠለባት ስድራ-ቤታ ንምምላእ ሕጽረት ግዜ እናሃለዋ፡ ከየዕረፈት ምሉእ ዕለት ገዛ ትዓምም። ኣብ ቦታ ስራሕ ከኣ ማዕረ ብጾታ ብምዕያይ፡ ዝያዳ ፍልጠት ንኽትድልብ ትጽዕር፡ መትከል ስድራ-ቤታ ኣብ ምምራሕን ምምሕያሽን እጃማ ተበርክት።

ኣገልግሎት መጽንሒ ህጻናት፡ ልክዕ ከም ወለዲ መሰረታዊ ጠለባት ህጻናት ንምምላእ ዝሰርሕ ክኸውን ይግባእ። ዕድመ እቶም ህጻናት፡ ካብ ትካል ናብ ካልእ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እቲ መጽንሒ ህጻናት እንተላይ መናበይ ህጻናት ዘጠቓልል እንተኾይኑ፡ እቶም ህጻናት መባእታዊ ትምህርቲ ስዑምባርን እተፈላለየ ሚላታት ምንቅስቓስ ኣካላትን ክመሃሩ ይኽእሉ። ብዘወሳኺ፡ እቶም ህጻናት ማሕበራዊ ርክብ ምስ ከበብኦም ንኽህልዎም ክሕግዞም ይኽእል።

መጽንሒ ህጻናት፡ ኣብ ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራውን ስምዒታውን ዕቤት ህጻናት ዘለዎ እውታዊ ጽልዋ ልዑል እዩ። ህጻናት ኣብ ንኡስ ዕድሚኦም ኣእምሮኦም ቅጽበታዊ ለውጢ ከርኢ ስለ ዝጅምር፡ ኣብ ገዛእ-ርእሶምን ሕብረተ-ሰቦምን ሓደሽ ርድኢትን ኣተሓሳስባን ከማዕብሉ ይኽእሉ። ከምኡ'ውን ምስ ሰባት ብቐሊሉ ክቃርቡ፡ ክረዳድኡን ሓሳባቶም

ኣብ ቦታ ስራሕ ዝምስረት መጽንሒ ህጻናት፡ ኩሉ ዓይነት ኣገልግሎት ዝማልእ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ትካል ኣብ ስራሕ ዘጋጥሞ ሕጽረታት ንምቅላል ኢሉ፡ ኣብ ረብሓታቱ ጥራይ ኣተኲሩ ነቲ መጽንሒ ህጻናት ክምስርቶ ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ ከምኡ እንተኾይኑ፡ ወጽኢቱ ኣሉታዊ ምኻኑ ስለ ዘይተርፍ። ንኣብነት፡ እቲ ማእከል ጽሬቱ ዘይተሓለወ እንተኾይኑ፡ ኑቶም ህጻናት ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕበሎም ይኽእል። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ መንጎ እቲ ትካልን እቶም ሰራሕተኛታትን ክህሉ ዝግባእ እምነት ብምፍራሱ፡ ናብ ብዙሕ ጸገማት ኪቃልዑም ተኽእሎታት ኣሎ።

እተን ብብሕቲ ዝውነና መውዓሊ ህጻናት፡ ምስ'ተን ኣብ ቦታ ስራሕ ዝምስረታ መጽንሒ ህጻናት እንተ ኣነጻጻርናየን፡ ብዓይኒ ወጻኢታት ብዙሕ ፍልልይ እዩ ዘለወን። ሓንቲ ስድራ-ቤት ኣብ መናበይ ህጻናት ዝውዕሉ ልዕሊ ክልተ ቆልዑ እንተ ደኣ ኣለዋ፡ ቁጠባዊ ቅልውላው ክጋጥማ ይኽእል እዩ። እምበኣርከስ፡ እታ ስድራ-ቤት ወጻኢታታ ንምንካይ ብዘይብል ሓሳብ፡ እታ ኣደ ካብ ስራሕ ተገሊላ ደቃ ኣብ ምእላይ ትጽመድ። ምስኡ ድማ ህጻናት ዝጠልብዎ ነገራት እናወሰኸ ዝኸይድ ብምኻኑ፡ እታ ስድራ-ቤት ብኣታዊታት እቲ ኣቦ ጥራሕ ክትሳለ ይኸብዳ። ስለዚ፡ እዚ ናይ ህጻናት ኣገልግሎት'ዚ ኣብ ኩሉ ትካላት እንተ ደኣ ተኣታትዩ፡ ብዙሕ ሰንሰለታዊ ጸገማት ክፍውስ ይኽእል እዩ።

ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ንእሰ



ብናጻ ክገልጹን ይሕግዞም። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ዕለታዊ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን፡ ግዜኡ ዝሓለወ ስርዓት-ኣመጋግባን እኹል ናይ ድቃስ ሰዓታትን ስለ ዝረኽቡ፡ ኣብ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ዕቤቶም ልዑል ተራ ይህልዎ።

መጽንሒ ህጻናት ኣብ ማእከላይ ቦታ ስራሕ ክዋደድ እንተኽኢሉ፡ እቲ ህጻን ክምገብ ወይ ወላዲቱ ኣብ ዝደልየሉ እዋን ብቐሊሉ ክራኸቡ ስለ ዝኽእሉ፡ ፍቕሮምን ርክቦምን ክድልድል ይሕግዝ። ብኣንጻር'ዚ፡ ህጻናት ኣብ ብሕታዊ መናበይ ህጻናት ዝውዕሉ እንተኾይኖም፡ ወለዲ ካብን ናብን ንኽመላለሱ ነዊሕ ሰዓታት ከባኽኑ ይግደዱ። ብሰንክ'ዚ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ብዙሕ ጸገም ክኽሰት ይኽእል። ብኣንጻሩ፡ ሰራሕተኛታት ምስ ውላዶም ኣብ ሓደ ከባቢ እንተ ደኣ ሃልዮም ግን፡ ብዘይ ሻቕሎትን ረቦሻን ብርጉእ መንፈስ ይዓዩ። ኣእምሮኦም ካብ ጸቕጥን ሻቕሎትን ናጻ ስለ ዝኸውን፡ ምሉእ ኣደህቦኦም ኣብ ስርሖም ጥራይ ይኸውን።

ዕድሚኣ ብወሊዳ ደገፍ እናተጉበረላ፡ መንግስቲ ኣብ ዘዋድዶ ምዕሩይ ኣገልግሎት ትምህርቲ ብምስታፍን እያ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ እትበጽሕ። የግዳስ፡ ብብዙሕ ወጻኢታትን ጻዕርታትን ፍልጠት ደሊባ ከተብቅዕ፡ ድሕሪ ወሊድ ግን ብሰንኪ ምስቲ ሓዲሽ ምዕራፍ ናይ ህይወታ ዘሎ ኣገልግሎት ዘይምርኻቡ ካብ ኣፍራይነት ትባኸር።

እቲ ክሳራ ብቐዳምነት ንዓኣ'ኳ ዝጎድእ እንተኾነ፡ ብኻልኣይ ደረጃ ግን ንመላእ ሕብረተ-ሰብ'ዩ ዝጸሉ። ስለዚ፡ ሓንቲ ዓቢያ ምኡዝ ፍረ ንኽትህቦ ብግቡእ ከኣላሽ ዘበቝሳያ ገረብ፡ ፍረ ክትህብ ኣብ እትጅምረሉ መድረኽ ምስ በጽሐት እቲ ንዓኣ ዘድልያ ቀላሕታ ዘይምሃብ ቀልጢፉ ክፍወስ ይግባእ። ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወት ሕብረተ-ሰብን ተሳተፍቲ ጥራይ ካብ ዝኾና፡ ብቑንዱ ኣፍረይትን ቀለስትን መታን ክኾና፡ ኩሉ መንግስታዊ ይኹን ዘይመንግስታዊ ኣካል ኣኢጋሙ ክዋጸእ ክኽእል ኣለዎ።



# ሓሳባት

# ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ

መበል 31 ክፋል

## ህዝቢታት ቀርኒ ኣፍሪቃ

መብቀል ህዝብታት ዝገልጹ ኣብ “ኣፈ-ታሪኽ”፡ “ቋንቋ”፥ “ባዮሎጂ” ዝምርኩሱ ዝተፈላለዩ መግለጺታት ኣለዉ። እቶም ኣፈ-ታሪኽ ዋላ’ውን ጸኒሖም ይሰነዱ፥ ካብ ወለዲ ናብ ውሉዳት እናተሰጋገሩ ዝመጹ እዮም። ኣብ ጸቢብ ዝተሓጸረ ቦታ ኣፈ-ታሪኽ ክእመን ይከኣል እዩ። ይኹን’ምበር ንሰፊሕ ቦታን ዝምድናን መግለጺ ክኸውን ኣይክእልን። ንኣብነት መብቀል ወለዶ ቤት-መኻእ ሰፊሕ መጽናዕቲ ጌርካ ብ5 ወይ’ውን ካብኡ ንላዕሊ ሓረግ ወለዶ ክትገልጾ ይከኣል ይኸውን። ክንዮ 10 ወይ 15 ወለዶ ግን ክትገልጾ ኣይከኣልን እዩ። ብሓጺሩ ሲጋዊ ዝምድና ብምቑጻር ክሳብ ውሱን ወለዶታት መብቀል ምግላጽ ይከኣል እዩ። ወለዶታት ብምቑጻር ግን ናይ ሰፊሕ ቦታ መብቀል ምግላጽ ዝከኣል ኣይኮነን። ሰፊሕ ቦታ ክንብል እንከለና፡ ዓዲታት፥ እኩባት ዓድታት፥ ንኣሰ-ዞባ፥ ዞባ ወይ ሃገር ማለትና እዩ። ከምኡ’ውን ቀቢላ፥ ብሄር ብወለዶታት ጨሪሹ ክግለጽ ኣይክእልን እዩ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ብመንገዲ ባዮሎጂ መብቀል ሰባት ንምግላጽ ብዙሕ ፈተነታት ይግበር እዩ። ኣብዚ መዳይ’ዚ፥ ኣብ መወዳእታ 18 ክፍለ ዘመን ዓ.ፈ. ተራ ዝተጻወቱ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ጎቲንገን ጀርመን እዮም። ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ጎቲንገን መብቀል ሰባት ንምግላጽ፥ ፈለማ ናይ ዓሌት መስመር እዮም ፈቲኖም። ንመላእ ህዝቢ ዓለም ኣብ 5-6 ዓሌት መቒሎሞ። ኣይሰርሐን። ክሰርሕ’ውን ኣይክእልን እዩ። ቀጺሎም ድማ ኣብ ኤትኒክ ዝተመርኮሰ ምደባ መብቀል ሰባት ምሂዞም። እቲ ናይ ኤትኒክ ዝብልዎ ኣመዳድባ ኣብ ቋንቋ ዝተሃንጸ ኮይኑ ምንጩ ብሉይ-ኪዳን ይመስል።

ብመሰረት ብሉይ ኪዳን፥ ድሕሪ ማይ ኣይሂ ብዘይካ ኖህ፥ ደቁን ኣንስቶምን ኣብ መሬት ዝነበረ ፍጥረት ሰብ ጸኒቱ እዩ። ብድሕሪ ማይ ኣይሂ ከኣ፥ ዓለም ብዘርኢ ኖህ እያ ተተኪኣ። ኣብ መወዳእታ 18 ክፍለ-ዘመን ተመሳሳልነት መብዝሕትኡ ቋንቋታት ዓለም ዝተገንዘቡ ሊቃውንቲ መብቀል ቋንቋታት የጽንዑን ይምዝግቡን ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። ሊቃውንቲ ዩኒቨርሲቲ ጎቲንገን ኑቲ ናይ መብቀል ቋንቋታት መጽናዕቲ ምስቲ ናይ ኤትኒክስ መጽናዕቶም ብምትሕሓዝ ኣብ ቋንቋታት ዝተሞርኮሰ ኤትኒካዊ መብቀል ሰባት ሂጾም። ብኣመዳድባ ኤትኒክስ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ጎቲንገን መሰረት ምንጪ መብቀል ኣፍሪቃውያን ሴምን ሃምን እዮም። እዚ ማለት፥ ካብቶም ሰለስተ ደቂ ኖህ ኣፍሪቃውያን ናይ ያፊት መብቀል የብሎምን እዩ ዘስምዕ።

ጸኒሖም ዝተቐልቀሉ ጽሑፋት መብቀል ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ሴማውያን፥ ኩሻውያን፥ ኒላውያን እዮም ይብሉ። ብዙሓት ጽሑፋት ከም ዝገልጽዎ፥ ኒላውያን ካብ ጥንቲ ዝጸንሑ ኮይኖም ኩሻውያንን ሴማውያንን ጸኒሖም ዝመጹ እዮም። ኩሽ ወዲ ሃም ምዃኑ ኣቐዲምና ጠቒስና ነይርና። ኩሽ ዝብል ስም ምስ ግዜ ከም “ጸለምቲ ህዝቢ” ተገሊጹ። ብቋንቋ ግሪኽ “ጸሊም”፥ ኣቶጲስ (Aethiops) ስለ ዝበሃል ከኣ “ኩሽ”ን “ኣቶጲስ”ን ዝብል ኣምራት ከም ሓደ ክጸሓፍ ልሙድ ኮይኑ። በዚ ከኣ ድሒሩ ካብ ቋንቋ ግሪኽ ናብ እንግሊዝ ዝተተርጐመ መጽሓፍ ቅዱስ ኑቲ “ኣቶጲስ” ዝብል ቃል ግሪኽ ናብ እንግሊዝ ክትርጎሞ እንከሎ፥ ብእንግሊዝ ምድማጹ ክቐልል “ኢትዮጵያ” ብዝብል ኣሰፊሩዎ።

### ሴማውያን፥ ኩሻውያን፥ ኒላውያን ግን መን እዮም?

#### ሴማውያን

ናይ ጥንቲ ሴማዊ ቋንቋ ተዛረብቲ፥ ኣብ ምዕራባዊ እሲያ - ማእከላይ ምብራቕ፥ ኣርመንያ፥ ኣዘርባጃን፥ ሳይፕሮስ፥ ጆርጅያ፥ ሊባኖን፥ ቱርኪ፥ ኢራንን፥ እስራኤልን ንዝሓቑፉ ኣህጉር የጠቓልል። ካብ 3 ዓመት ቅድሚ ሓበራዊ ዘመን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሴማዊ ቋንቋ ተኣታትዩ። ክሳብ 6ይ ሓባራዊ ዘመን ከኣ፥ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ይጥቀምሉ ከም ዝነበሩ ይንገር። ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ሴማዊ ዝመብቀሉ ናይ ኣደ ቋንቋታት ዝዛረቡ፥ ዓረብኛ (ልዕሊ 300 ሚልዮን)፥ ኣምሓርኛ (ከባቢ 22 ሚልዮን)፥ ትግርኛ (ከባቢ 7 ሚልዮን)፥ ሂብሩው (ከባቢ 5 ሚልዮን)፥ ትግረ (ከባቢ 1 ሚልዮን) ኣራሚክ (ሶርያ፥ ከባቢ 1 ሚልዮን)፥ ማልትኛ (ማልታ፥ ከባቢ ፍርቂ ሚልዮን) ካልኦት ውሑዳትን ኣለዉ።

መብቀል ጽሑፍ ሴማዊ ቋንቋታት፥ ናይ ጥንቲ ዓረብኛ ኣብጃኣድ (AB-JAD) ኮይኑ፥ ናብ ግእዝ ምስተቐድሐ ናይ ኣቡጊዳ መልክዕ ሒዙ። ኣቡጊዳ ከኣ መሰረት ጽሑፍ ትግርኛ፥ ትግረ፥ ኣምሓርኛ እዩ። ማልታ እታ እንኮ ሴማዊ ቋንቋ ትዛረብ ኤውሮጳዊት ሃገር ኮይና፥ ትጥቀመሉ ጽሑፍ ላቲን እዩ። ብዘተረፈ መብቀል ጽሑፍ ኩሉ ሴማዊ ቋንቋታት፥ እንተላይ ግእዝ ናይ ጥንቲ ዓረብኛ ምዃኑ ይፍለጥ።

እግረ መገድና፥ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ‘ግእዛውያን ወይ ኣግኣዚያን ኢና፥ ጽሩያት ሴማውያን ኢና’ በሃልቲ ሰባት ሓሓሊፎም ይሰምዑ እዮም። ጽሩይ ዓሌት ዝበሃል ነገር ግን የለን። ኣብዛ ወትሩ ምንቅስቓስ ሰባት ዝበዝሓ ዓለም ከምኡ ዝኣመሰለ ጨሪሹ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ብርግጽ ድማ ‘ኣግኣዚያን ኢና’ በሃልቲ ንመንነቶም ዝገልጽ ዘቕርብዎ ታሪኻዊ ይኹን ካልእ መርትዖ የለን፥ ክረኽቡ እውን ኣይክእሉን። ቋንቋ-ኣደ ማለት ሴማዊ-ቋንቋ መንነት ዝሁብ ነይሩ እንተዝኸውን ሎሚ ልዕሊ 500 ሚልዮን ሰባት ሴማውያን ኢና ክብሉ ማዕረ መሰል ምሃለዎም።

ከምቲ ጸሊም ኣመሪካዊ ተመራማሪ ኮትስ ዝበሎ “ዓሌት ውላድ ዓሌታዊ ኣድልዎ እምበር መግለጺ ወለዶታት ኣይኮነን” (“Race is the Child of Racism, not the Father” Ta-Neshisi Paul Coates) ብኻልእ ኣበሃህላ ኣብ ዓሌት ዝኣምኑ፥ ድሑር ኣተሓሳስባ ዘለዎም ዓሌታውያን ጥራይ እዮም። ጸሊም ኣፍሪቃዊ ኮይንካ፥ ኣብ ሃገራት ምዕራብ እናተቐመጥካ፥ ኣብ ዓሌትነት ምእማን ድማ ግርንቢጥ እዩ።

#### ኩሻውያን

ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ኩሽ ዝብል ቃል ኣብ ቀዳሞት ሃይማኖታዊ ጽሑፋት ብዙሕ ግዜ ይጥቀስ እዩ። ኣብቲ ናይ ጥንቲ ጽሑፋት “ኩሽ” ዝብል ቃል “ጸሊም ቀርበት” ወይ ንኣፍሪቃውያን ዝገልጽ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ብቋንቋ ግሪኽ ከኣ ኣቶጲስ (Aethiops) ዝብል ቃል (ብሆመር ኣብታ ኢልያድን ኦድይሰይን ዘርእስታ መጽሓፉ - Homer Iliad and Odyssey ተጠቒሱ ከምዘሎ) ላዕለዋይ ናይልን ምዕራብ ካብ ምድረ-ብዳ ሰሃራ ንዝነበሩ ህዝብታትን ንምግላጽ ይጥቀምሉ ከም ዝነበሩ ይፍለጥ። ላዕለዋይ ናይል ማለት፥ ካብ ግብጺ ንደቡብ ማለት እዩ። ኣብ 1611 ዓ.ም. ኣብቲ ብንጉስ ጀምስ ዝፍለጥ መጽሓፍ ቅዱስ ኑቲ ናይ ግሪኽ ኣቶጲስ ዝብል ቃል ናይ እንግሊዝኛ ድምጺ ንምሃብ ኢትዮፕያ (Ethiopia) ኢሎም መዝገብዎ። ኑቲ ጸለምቲ ሰባት ዝብል ከኣ፥ ኢትዮፕያንስ (Ethiopians) ኢሎሞ። ጥንቲ ንግስነት ኩሽ ወይ ስልጣነ ኩሽ ዝበሃል ዝነበረ ማእከሉ ኣብ ናይ ሎሚ ሱዳን ዝገበረ ኮይኑ፥ እቲ ኣቶጵስ ወይ ኢትዮፕያ ዝብል ቃል ከኣ፥ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኩሽ ንዝነበሩ ኣህዛብ ዝገልጽ ነበረ።

ቡቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ኣመዳድባ ኤትኒካት ሎሚ ኩሻውያን ዝበሃሉ ህዝብታት - ደቂ ሃም ማለት ደቂ ሓዉ ንሴም ማለት እዮም። - ብሌን፥ ሕዳረብ፥ ሳሆ፥ ዓፋር፥ ሲዳማ፥ ኣገው፥ ኦሮሞ፥ ሶማል፥ ማሳይ፥ ኩኩዩን ካልኦትን ኮይኖም፥ ኣብ ኤርትራ፥ ኢትዮጵያ፥ ጅቡቲ፥ ሱዳን፥ ግብጺ፥ ታንዛንያ፥ ኬንያን ሶማልያን ይርከቡ። ኩሻውያን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ እቶም ቀዳሞት ምፍራይ ኩቡቲ (pastoralism) ዘተኣታተዉ ምዃኖም ይትረኽ።

#### ኒላውያን

ኣቐዲምና ከም ዝጠቐስናዮ ምምዳብ ህዝብታት ፈለማ ብዓሌት እዩ ጀሚሩ። ናይ ዓሌት ኣመዳድባ ተቐባልነት ስለ ዘይረኸበ ቡጠቕሩብ ብኤትኒክ ተተኪኡ። ኤትኒካዊ ኣመዳድባ ባህሊ፥ ልምዲ፥ ቋንቋ ህዝብታት ኣብ ግምት ዘእቱ እዩ ይብሃል እምበር ብቐንዱ ኣብ ቋንቋ ዝተሃንጸ እዩ። ኣብቲ ናይ ዓሌት ኣመዳድባ ዝነበረሉ እዋን እዩ እምበኣር ኣብ ገምገም ወሓዚ ናይል ንዝነበሩ ህዝብታት “ኒላውያን” ዝብል ስም ዝተዋህቦም። እቶም ኒላውያን ዝበሃሉ ዝነበሩ ህዝቢ ኣዝዩ ጸሊም ሕብሪ ቀርበት ዘለዎም፥ ነዋሕትን ጸቡቕ ቅርጺ ሰብነትን (ቀጠንቲ) ዝነበሮም እዮም። ገለ ጸሓፍቲ ኣብ ናይ ሎሚ ደቡብ ሱዳን ንዝርከቡ ኣዝዮም ነዋሕቲ ደቀባት ከም ኒላውያን ይገልጽዎም። መቦብሮ ኒላውያን ብቐንዱ ኣብ መጓሰ ዘተኮረ ኮይኑ፥ ብቐጻሊ ካብ ቦታ ንቦታ ዝሳገሙ እዮም። ገለ ጽሑፋት ኒላውያን ቅድሚ ኩሻውያን ናብ ፈለግ ናይል ምምጽኦምን ቀዳሞት ደቀባት ምንባሮምን ይገልጹ። ምስ ምምጻእ ኩሻውያን ምስኦም ተሓናፊጾም ባህልን ልምድን ኩሻውያን ከም ዘወረሱ ድማ ይትንትኑ።

ኣብዚ ክንገንዘቦ ዝግባእ፥ ኒላውያን ዝብል ኣመዳድባ፥ ዓሌታዊ ወይ ባዮሎጂካዊ ኣመዳድባ ኮይኑ፥ ሴማውያን ኩሻውያን ዝብል ግን፥ ናብ ቋንቋ (ብኤትኒክ) ዘድሃበ ኣመዳድባ ህዝቢ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ እቲ ቀዳማይ ኣመዳድባ ኣብ ሓውሲ ሳይንስ ዝተሃንጸ እዩ። እቲ ዳሕረዋይ ከኣ፥ ካብ ሃይማኖታዊ ጽሑፋት ዝመንጨወ እዩ። እቲ ሓውሲ ሳይንሳዊ ኣገላልጻ ካብ መፋርቕ 19 ክፍለ-ዘመን ኣትሒዙ፥ ተቐባልነቱ ስለዝወደቐ ተሪፉ እዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ፥ እቲ ሎሚ እንጥቀመሉ ዘለና ኣመዳድባ ኣህዛብ፥ ካብ ሃይማኖታዊ ጽሑፋት ዝመንጨወ እዩ። ስለዚ፥ እቲ ኒላውያን ዝብል ኣገላልጻ ምናልባት ንቐዳሞት ሰፈርቲ ኩሻውያን ዝገልጽ ከይኮነ ኣይተርፍን ክንብል ንኽእል። ብኻልእ ኣበሃህላ፥ ናይ ሎሚ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ሴማዊ፥ ኩሻዊ፥ ኒላዊ መብቀል ኣለዎም ምባል ብዙሕ ትርጉም የብሉን።

ካብዚ ተበጊስና ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘለዉ ኣህዛብ ኩሎም ሴማውያንን ኩሻውያንን እዮም። ብሓጺሩ ከኣ፥ ‘ደቂ ኖህ እዮም።’ ክንብል ንኽእል። ኣብዚ፥ እቲ ዝያዳ ኣገዳሲ! መብቀል ኩሉ ህዝብታት ምንጩ ሓደ ኮይኑ፥ ምስ ግዜ ግን፥ ህዝብታት ኣብ ሓደ ፍሉይ ቦታ ንነዊሕ ግዜ ምስ ሰፈሩ፥ ናይ ገዛእ ርእሶም ቋንቋን ልምዲታትን ከም ዘማዕበሉ ምግንዛብ እዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ኣብ ሓደ ካባቢ ብሓደ ብምንባር ጥራይ ኮናቶም ፍሉይ ልምድን ቋንቋን ዘማዕበሉ ኣህዛብ ኣሸሓት እዮም። ሓደ ቋንቋን ልምድን ዘማዕበሉ ኣህዛብ ብልሕሉሕ መልክዑ ኤትኒክ ክንብሎም ንኽእል። ብልሕሉሕ መልክዑ መበሊና ድማ፥ ኣብ መንነት ኤትኒካት ምትሕውዋስ ቋንቋን ልምድን ስለ ዘሎ ብጥንቃቐ ክንጥቀመሉ ብማለት እዩ። በዚ ልሕሉሕ ኣገላልጻ፥ ሎሚ ኣብ ኣፍሪቃ ኣሽሓት ኤትኒካት እየን ዘለዋ።

ኤውሮጳውያን ብዘጀመርዎ መስርሕ መግዛእቲ ሎሚ ኣብ ኣፍሪቃ ሓምሳን ኣርባዕተን ዘመናውያን ሃገራት ኣለዋ። እዞም ኣሽሓት ኤትኒካዊ ጉጅለታት ኣህዛብ ኣፍሪቃ ከኣ፥ ኣብዘን ሓምሳን ኣርባዕተን ሃገራት፥ ተመቓቒሎም ይነብሩ ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ኤርትራ ትሽዓተ ኤትኒካዊ ኣህዛብ ኣለዉ። ኣብ ኢትዮጵያ ከባቢ 100 ዝበጽሑ ኤትኒካዊ ጉጅለታት ኣለዉ። እዚ ኮይኑ ግን፥ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ሓንቲ ዘመናዊት ሃገር ጥራይ ተጠርኒፉ ትነብር ሓንቲ ኤትኒካዊት ጉጅለ የላን። ብዘወሓደ ሓንቲ ኤትኒካዊት ጉጅለ፥ ኣብ ክልተ ዝተፈላለያ ሃገራት ተመቓቒላ ትነብር።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ኣመዳድባ ኤትኒክ ኣብ 19 ክፍለ-ዘመን ብዩኒቨርሲቲ ጎቲንገን ዝጀመረን ኣብ ቋንቋ ዝተሃንጸን ልሕሉሕ መግለጺ ህዝብታት እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ምንቅስቓስን ምትሕንፋጽን ኣህዛብ ኑቲ ኤትኒካዊ ኣመዳድባ ትርጉም ከምዘይህልዎ ገይርዎ እዩ። ሎሚ ኣብዛ ዘለናያ ዓለም፥ ኤትኒካዊ መንነት ብዙሕ ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን፥ እቲ ሓደን ቀንድን ትርጉም ዘለዎ መንነት፥ ሃገራዊ መንነት ጥራይ እዩ።

ሃገራዊ መንነት እቲ ቀንዲን ትርጉም ዘለዎም መንነትን ካብ ኮነ፥ ናብ ኣቋውማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ክንሰግር።ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ብኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዝቖማ እየን።

**ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ብሪጣንያ ዝቖማ ሃገራት፡-** ሱዳን፥ ጸኒሓ ድማ ደቡብ ሱዳን፣ ኬንያ፣ ኡጋንዳ፣ ብሪጣንያዊት-ሶማሊላንድ። ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ፈረንሳ ዝቖመት ሃገር፡- ጅቡቲ። ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኢጣልያ ዝቖማ ሃገራት፡- ኢጣልያዊት-ሶማሊላንድ፣ ሶማልያ (ድሕሪ መግዛእቲ) ኤርትራ። ከም ውጽኢት ምሽማው ግዝኣት ኤውሮጳውያን ብገዛኢ ናይዚ ከባቢ ሃጸይ ምኒሊክ ዝቖመት ሃገር ኢትዮጵያ። እዘን ሃገራት ብኸመይ መገዲ ከም ዝቖማ ድማ፥ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንርኢ ኢና።

ይቕጽል

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጉዳም ኣቡነ ማትያስ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ምርኢት ዝናር ጥበባት ዞባ ማእከል 1ይ ክፋል |
| 14:20 | ድራማ |
| 14:45 | ምርኢት ዝናር ጥበባት ዞባ ማእከል 2ይ ክፋል |
| 15:30 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:15 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ሸምዓ ሰይቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ቀለቤት ልቢ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሰትኮም |

# ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# መርበብ መድለዪ ሓበሬታ (search engines)

ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣገዳስነት ሓበሬታን ተክኖሎጅን ዝያዳ ካልእ እዋን እናሓየለ ይመጽእ ከም ዘሎ ዝኸሰቱ ዘለዉ ዓለማዊ ፍጻሜታት ህያው ኣብነት ክኾኑና ይኽእሉ እዮም። ሓይሊ ናይ ዝኾነ ኣካል(ውልቀ-ሰብ ይኹን ትካል) በቲ ዝፈልጦ ሓበሬታ እዩ ዝልካዕ ናይ ዝብሉ ኣካላት'ውን ዝያዳ እና ዓብለለ ይመጽእ ኣሎ። ዋና ኣካያዲ መርበብ ሓበሬታ 'ዊክሊክስ' ዝኾነ ጁልያን ኣሳድ፡ ዝያዳ ካልእ ዜጋ ብኣመሪካን ካልኦት ሓያላን ሃገራት ዝህደነሉ ከንዲ ምኽንያት ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ስለ ዘውጸኣለን ጥራይ እዩ። እዚ ፍጻመ እዚ ድማ ሓይሊ ናይ ሓበሬታ ብንጹር ከርእየና ዝኽእል ኣብነት እዩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ብሰንኪ ኣገልግሎት ናይ ኢንተርነት ስሩዕ ዝኾነ ኣገባብ ኣመሃህራ ከይተርፍ ዝስገኣሉ ዘሎእዋን ኢና በጺሕና ዘለና። እቲ ምኽንያት ድማ ሓበሬታን ፍልጠትን ኣብ ኣጻብዕቲ ኢድ ናይ ሰባት ኣብ ምኧን ደረጃ ስለ ዝበጽሐ እዩ። ጸብጻባት ከም ዝሕብርዎ ኣብዚ ሕጂ እዋን ልዕሊ 47% ካብ ብዝሒ ዓለም ተጠቀምቲ ኢንተርነት ክኾኑ በቒዖም ኣለዉ። እዚ ድማ ዳርጋ ፍርቂ ብዝሒ ዓለም ማለት እዩ። ካብዞም ተጠቀምቲ ኢንተርነት ሓበሬታታት ንምርካብ ብቐጻሊ ናብ ንቑጣ መድለዩ ሓበሬታ(search engine) ዝመላለሱ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ኣብቲ ህቡብን ፍሉጥን ዝኾነ 'ጎጎል' መርበብ መድለዩ ሓበሬታ ኣብ ሓንቲ ካልኢት ከባቢ 40,000 ምድላይ ይካየድ። ኣብ መዓልቲ ክሳብ 3.5 ቢልዮን ምድላይ ክካየድ ከሎ ኣብ ዓመት ድማ ክሳብ 1.2 ትርልዮን ፈተሻታት ይካየድ። እዚ ንኽትግምቶ ዘሸግር ቁጽራዊ ሓቂ፡ ንኣገዳስነት ሓበሬታ ብንጹር ዘንጸባርቕ ኣሃዝ እዩ።

## መርበብ መድለዩ ሓበሬታ (search engine) እንታይ ማለት እዩ ፦

መርበብ መድለዩ ሓበሬታ(search engine) ማለት ሓደ ካብ ኣገደስቲ ቴክኖሎጂካዊ ፍርያት ኮይኑ ምስ ዌብሳይት ዝበሃል ዓይነት ሶፍትዌር ድማ ይምደብ። መርበብ መድለዩ ሓበሬታ፡ ሰባት ደስ ዝበሎም ሓበሬታታት ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ኣብ ሓጺር ግዜ ዝቐርብ ሓደ ድልድል ክንብሎ'ውን ይከኣል እዩ። ንኣብነት ሓደ ሰብ ብዛዕባ ኤርትራ ገለ ሓበሬታ ደልዩ፡ ኣብ ዝመረጾ መርበብ ሓበሬታ(ኣዝዮም ብዙሓት ዓይነታት መርበብ ሓበሬታ እዮም ዘለዉና) 'ኤርትራ መን እያ' ኢሉ እንተ ጽሒፉ፡ ነቶም ብዝተፈላለዩ ኣካላት ዝተጻሕፉ እሞ ድማ ኣብ ስርዓት መርበብ ዝተዘርግሑ ጽሑፋት ብቐደም ተኸተል ተምጽኦም።

ኣብዚ ክንርድኦ ዝድለና ኣሉታ ይኹን ኣዎንታ ብዘየገድስ ብቐደም ተኸተል እያ ተምጽኦ። ዝተፈፈላለያ መርበብ መድለዩ ሓበሬታ ንናተን ኣገባባት እየን ዝጥቀማ። ቀንዲ ፍልልያተን ድማ እቲ ዝጥቀማሉ ስርዓት ኣደላልያ እዩ። ንኣብነት እቲ ፍሉጡን ህቡብን 'ጉጉል' መድለዩ ሓበሬታ፡ ዝረኸቦ ሓበሬታ ብቐደም ተኸተል እዩ ዘምጽኦ። ነቲ ካብ ዝያዳ ተኣማኒትን ተደላይትን ምንጪ ዝረኸቦ ሓበሬታ ኣብ ቅድሚት ክሰርዖ ከሎ ነቲ ብዙሕ በጻሕቲ ዘይብላ መርበብ ዝረኸቦ ሓበሬታ ድማ ኣብ ድሕሪት ሰሪዑ የምጽኣልካ።

ብመንገዲ መርበብ መድለዩ ሓበሬታ (search engine) ኣዝዩ ብዙሕ ንጥፈታት ከነካይድ ይከኣል እዩ። ሓደ ካብቶም ቀንድን ኣገደስትን ንጥፈታታት ሓበሬታ ምድላይ እዩ። ዝኾነ ዓይነት ሓበሬታ ብደረቕ ስእሊ፡ ተንቀሳቓሲ ስእሊ፡ ብጽሑፍ ብድምጽን ካልእ መልክዕን እንተ ደሊኻ ኣብ ውሽጢ ካልኢታት የምጽኣልካ። ዝተፈላለዩ ዓበይቲ መጽናዕትታትን ትምህርታትን ድማ ብመንገዲ መርበባት መድለዩ ሓበሬታ ክትረኽቦም ይከኣል እዩ።

ካልእ ዝዓበየ ጥቕሚ 'ሰርች ኢንጂን' ዝተፈላለዩ ብኦን ላይን online shoping(ብመንገዲ ቀጥታዊ መርበብ ዝግበር ናይ ዕድጊ መስርሕ) ከተካይደሉ ትኽእል ኣብ ርእሲ ምኳኑ ንምዝንጋዕ ድማ ዝያዳ ተመራጺ እና ኾነ ይመጽእ ኣሎ። ኣብ መድለዩ መርበብ ሓበሬታ ዝደለኻያ ዓይነት ፊልም ይኹን ቪድዮ ክሊፕ ብምድላይ ክትዘናጋዕ ትኽሽል ኢኻ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝያዳ ተቐባልነት እና ረኽበ ዝኸይድ ዘሎ 'ጉጉል ማፕ google map' እውን ኣካል ናይዚ መርበብ መድለዩ ሓበሬታ እዩ። ኣብ ዝኸድካዮ ዓዲ ክትደናገረሉን ክትጠፍኣሉን ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ ኢና በጺሕና ዘለና። ዋላ'ውን ኣብቲ ዝዓበየ ከተማ ናይ ዓለም ሃሉ ናበይ ከም ዝደለኻ ብልክዕ ትፈልጥ እንተኬንካ ክትጠፍእ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብሓገዝ ጉጉል ማፕ።

## ዝለዓሉ 5 ዝለዓለ በጻሕቲ ዘለዎም መርበብ መድለዩ ሓበሬታ(search engine)




1. ጉጉል(google)፦ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ተጠቀምቲ ኣገልግሎት ኢንተርነት እቶም ከባቢ 70% ብመንገዲ ጉጉል እዮም ስርዓት ምድላይ ሓበሬታ ዘካይዱ። እቶም 85% ካብ ተጠቀምቲ ሞባይላት ድማ ብመንገዲ እዚ መድለዩ ሃበሬታ እዮም መስርሕ ምድላይ ሓበሬታ ዘካይዱ። ጉጉል ኣብ 1997 ብ ላሪ ፔጅን ሰርገይ ቢን ዝበሃሉ ኣመሪካውያን ናይ ኮምፕዩተር ስነ-ፍልጠታውያን እዩ ተመስሪቱ።

2. ቢንግ (bing)፦ እቶም 25% ካብ ተጠቀምቲ ኢንተርነት ድማ ብመንገዲ እዚ መርበብ መድለዩ ሓበሬታ ኣቢሎም መዓልታዊ ናይ ምድላይ ንጠፈታቶም የካይዱ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ካብ ዝመደበርዎም ተጠቀምቲ እቶም 33% ተጠቀምቲ ናይዚ መርበብ እዮም። ቢንግ ምስ ጉጉል ተመሳሳሊ ኮይኑ፡ በቶም ዝቐርቦም ህያባት ድማ ዝያዳ ይፍለጥ። ቢንግ፡ ኣብ መርበቡ ዝያዳ ንጥፈታት ምስ ተካይድ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ህያባት ከም እኒ ፖስት ካርድን ካልእን ይህብ።

3. ባይዱ (baidu)፦ እዚ መርበብ እዚ ኣብ ቻይና ዝመደበሩ ኮይኑ ምሉእ ብምሉእ ድማ ብቛንቋ ቻይና ድማ ይሰርሕ። እዚ መርበብ እዚ ቀንዲ ዕላምኡ ንዘይየድልዩ ሃበሬታታት ንምኽልካልን ዕብለላ ምዕረባውያን ንምግታእን ተባሂሉ ዝተሰርሐ እዩ። ልዕሊ 75% ካብ ህዝቢ ቻይና ድማ ንጥፈታቶም ብመንገድ'ዚ መርበብ እዮም ዘካይዱ። ኣብ ኣህጉር ኤሽያ'ውን ደሓን ተቐባልነት እናረኸበ ይመጽእ ከም ዘሎ ጸብጻባት ይሕብሩ።

4. ያሁ (yahoo.com)፦ ያሁ ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ መርበብ ኮይኑ ዝያዳ ምስ ቢንግ ምምስሳል ኣለዎ። ልዕሊ 3% ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ተጠቀምቲ ኢንተርነት ዘኣንግድ ያሁ፡ ወርሓዊ ብመንገዲ ሞባይላት ልዕሊ 600 ሚልዮን ድልያ ይካየደሉ።

5. ያንዴክስ (yandex)፦ እዚ መርበብ እዚ ኣብ ሩስያ ዝመደበሩ መርበብ ኮይኑ ልዕሊ 65% ካብ ተጠቀምቲ ኢንተርነት ሩስያውያን ነዚ መርበብ እዚ እዮም ዝመርጹ። ኣብ ካልኦት ሃገራት ማለት ከም በዓል ዩኩረይን፡ ካዛኺስታን፡ ቱርክን ካልኦትን ዝያዳ ፍሉጥ እና ኾነ ዝመጽእ ዘሎ መርበብ እዩ።




## ስለምንታይ ጉጉል (google) ህቡብ ኮይኑ ፦

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተቐሚጡ ዘሎ ቁጽራዊ ሓቂ ዝሕብረና ጉጉል ዳርጋ መወዳድርቲ ዘሰኣነ መርበብ መድለዩ ሓበሬታ እንተ በልናዮ ምግናን ኣይኮነን። ግና ስለምንታይ እዩ ክሳብ ክንድዚ ህቡብን ተጠቃስን ኮይኑ፧ እቶም ምኽንያታት ኣዝዮም ብዙሓት እኳ እንተኾኑ ነቶም ኣገደስቲ ነጥብታት ክጠቅስ ክፍትን።

~ ቀሊል፡ ቅልጡፍ፡ ዝኾነ ሰብ ዝርድኦ ብምኳኑ፦ ጉጉል ዝኾነ ጋዕ ገልጠም ዘይብሉ፡ ዘይርብሽን ዓቕልኻ ዘይጽብብን ገጽ ስለ ዘውንን ብተጠቀምቲ ዝያዳ ተጠላቢ ይገብሮ። ዝኾነ ናይ ቴክኒካዊ ነገራት ኣፍልጦ ዘይብሉ ሰብ'ውን ክጥቀመሉ ዝኽእል ብምኳኑ እቲ ካልእ ብልጫኡ እዩ።

~ ዘቕርቦ ሰፊሕ ምርጫ፦ ኣብ ጉጉል ሓደ ነገር ምስ ደለኻ ዝመጽእ ኣዝዩ ብዙሕ ምርጫታት ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ብልጫታት ናይዚ መርበብ ምኳኑ እዩ ዝዝረብ።

~ ውሑድ ምውዕዋዕ፦ ዳርጋ መብዛሕትአን ዌብሳይታት ኣተዊታተን ካብ ምውዕዋዕ እዩ። ጉጉል ድማ ዌብሳት ክሳብ ዝኾነ ኣታዊታቱ ካብ ምውዕዋዕ እዩ ዝረኽቦ። ጉጉል ካብቶም ካልኦት መርበባት ዝወሓደ ምውዕዋዕ ስለ ዘኣንግድ ዝያዳ ብበጻሕቲ ከም ዝፍቶ ጸብጻባት ይሕብሩ።

~ ዝቐርቦም ተወሰኽቲ ሓለፋታት፦ ጉጉል ብዘይካ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ኣዝዮም ብዙሓት ንጥፍታት ካልኦት ኣዝዮም ዓበይቲ ምርጫታት'ውን ንተጠቀምቲ ይቕርብ እዩ። ጉጉል ማፕ goole map(ቦታ ኣብ ምድላይ ዝሕግዝ ዓቢ ኣፕሊኬሽን)፡ ጂ-ቶክ G-talk(ሰራሕተኛታት ኣኣብ ኦፊሶም ኮይናም ክረዳድእሉ ዝኽእሉ መዕለሊ ወይ ድማ platform)፡ ጂ-መይል Gmail(ዘድልየካ ሰነድ ናብ ሰባት ከተመሓላልፈሉ እትኽል መርበብ ወይ ውን መራኸቢ ድንድል)፡ ነጻ ተጠቃምነት ናብ ዩትዩፕ youtube.comን ካልኦትን ክንጠቅስ ይከኣል እዩ።

## ምንጪ ኣታዊ ኩባንያ ጉጉል

ጉጉል ካብቶም ዝለዓሉ ኣታዊታት ዝረኽቦ ትካላት ናይ ዓለምና እዩ። ኣብ መስርዕ ዝሃብተሙ ሰባት እንተ ርኢና'ውን መስረትቲ ናይ'ዚ ትካል ዝኾኑ ሰባት ብሃብቲ ኣብ መበል 4ይን 7ይን ተርታ እዮም ተሰሪዖም ዘለዉ። ጉጉል ኣታዊታቱ ብብዙሕ መንገድታት ዝረክብ ትካል ምኳኑ ዝእመን። ገለ ካብቶም ዓበይቲ ምንጪ ኣታዊታት እዚ ትካል ግና እዞም ዝስዕቡ እዮም።

~ ምውዕዋዕ፦ ጉጉል ኣብ 3 ርብዒ ዓመተ 2018 ካብ ዝረኸቦ 27.7 ብልዮን ዶላስ ኣታዊ፡ እቲ 24.1 ቢልዮን ካብ ምውዕዋዕ ዝረኸቦ እዩ ነይሩ። እቲ ምውዕዋዕ ገሊኡ ብቐጥጣዊ መንገዲ ማለት ኣብ ገጻቱ ዝተፈላለዩ ምውዕዋዕ ብምፍጻም ክረኽቦ ከሎ፡ እቲ ገሊኡ ድማ ምስ ዝተፈላለዩ መርበብ ሓበሬታ ብምትሕብባር ዝረኸቦ ኣታዊታት እዩ።

~ ካብ ተወሰኽቲ ንጥፈታት፦ ብመንገዲ ጉጉል ኣቢልካ ዝኾነ ዕድጊ እንተፈጺምካ፡ ወይ ዝኾነ ወግዓውን ዓብን ሓበሬታ እንተ ኣመሓላሊፍካ ጉጉል ገለ ሚእታዊት ይወስድ እዩ።

~ ምኽዛን ሶፍትዌራት(play store)፦ ጉጉል ሓደ play store ዝበሃል መኽዘን ብምፍጣር ናይ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሶፍትዌራት ብምኽዛን ናብ ዝተፈላለዩ ኣካልት የባጽሕ። ንኣብነት ኣብቲ መኽዘን ፍርያትካ ዝኾነት ሓንቲ ሶፍትዌር ከተእቱ እንተደሊኻ፡ ንጉጉል 25 ዶላር ትኸፍሎ። እታ ሶፍትዌርካ ወይ ድማ ኣፕሊኬሽንካ ብዝቐለለን ብዝቐልጠፈን ናብ ተጠቀምቲ ትበጽሕ ማለት እዩ። ዝኾነ ሰብ ድማ ብዘይ ጸገም ኣውሪዱ (download ገይሩ) ክጥቀመላ ይኽእል።

~ ዝተፈላለዩ ሶፍትዌራት ብምምዕባል፦ ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ሶፍትዌራት ናብ ተጠቀምቲ ብምውዓል ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ኣታዊ'ውን ይረክብ እዩ።

ኢንጂ. ሚካኤል በርሀ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኣልሃም ስሌማን ኢብራሂም፡ ተኸሳሲ መሰጣፋ ዓብደላ ኑርሑሴን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ኣብ መንጎ ወ/ሮ ሳባ መለሰን ተኸሳሲት ሳራ መለሰን ብዘሎ ናይ ምቅሊት ውርሻ ክርክር፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳራ መለሰ ወልደማርያም ን9/5/23 ዓ/ም ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ 2ይ መጋባእያ ቁ.08 ሰዓት 8፡00 ናይ ንግሆ ቅረቢ፡፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ምስ ዘይትቐርቢ ጉዳይክን ንሸኽን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ት ሰምሃር ቶማስ ገብረሚካኤልን ተኸሰስቲ ወረ/ነ/ሄራት ሃና ገብረማርያም ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሰምሃር ቶማስ ገብረሚካኤል ወከል ወ/ሮ ጸሃይነሽ መሓሪ ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ/ራት ሃና ገብረማርያም ጓንጉል ዘሎ ናይ ገዛ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ተኸሰስቲ ኣድራሻኦም ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዖም 1ይ መጋባእያ ቁጽሪ 4 ብኣካል ወይ ብወከል ን3/5/23 ይቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪቦም፡ ግን ጉዳዮም ኣብ ዘየለውሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ዓብዱሰላም ኣልኣሚን ሳልሕ፡ ስም ኣደይ ኑርያ ዓብዱራሕማን ዓብደልዋሰዕ ምባል ተሪፉ፡ ኑርያ ዓብደርሖም ዓብደልዋሰዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 8/5/23 ኣብ 3ይ መጋባእያ፡ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ኣብርሃም ወልደማርያም ገብረመድህን፡ ተጻዋዒ ኣቶ ኣበበ መንግስቱ ሞላ፡ ናይ ውክልና ምስራዝ ዝምልከት ፋይል ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን8/5/23 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ሃናእ ዑመር ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ሃናእ ዑመር እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/23 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ሓበን ተስፋገርግሽ ሃብታኣብ ምባል ተሪፉ፡ ደሴት ተስፋገርግሽ ሃብታኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 8/5/23 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ሊንዳ ኤፍሬም ደብሳይ ምባል ተሪፉ፡ ሊንዳ ሙሴ ኣቶብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/23 ኣብ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ዘውዲ ተስፋጼን ዕዋል፡ ስም ኣደይ ጸሃይ ምባል ተሪፉ፡ ጉዕይ ጺጋይ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/23 ኣብ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ልኡላ ተኸለ ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ ሉልያ ተኸለ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 2/5/23 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ኣብስኣላ ሰረቐ ከሊብ ምባል ተሪፉ፡ ኣብስኣላ ሰረቐ ወልደገርግሽ፡ ከምኡ'ውን ስም ኣደይ ሉተገያርገስ ኪዳነ መድሃኔ ምባል ተሪፉ፡ ሉተገያርገስ ኪዳነ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/23 ኣብ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ፓራዲዞ

ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን ተኸለሰንበት ጎይ፡ ተኸሳሲ ዘርኢት እስቲፋኖስ ወልደሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን27/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ሶፍያ ጺጋይ በርሀ፡ በዓልቤተይ በርሀ ምሳዮኽ ዘርአ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሙሴ መለሰ፡ ኣቦይ መለሰ ዘርኣብሩኽ ሃይለ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ይብራኣለም ኣፈወርቂ፡ ኣደይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምሳሹ ጊላዝጊ ዑቕባዝጊ፡ በዓልቤተይ መም/ሃብታይ ሰረቐ መድሕን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ወ/ሮ ጽገወይኒ ተስፎም ሃብቱ፡ በዓል-ቤተይ ናይዝጊ ገብረእየሱስ ተኸሉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ወርቁ ተኸለሃይማኖት ተስፋጽዮን፡ ሓፍተይ ኣብርሃት ተኸለሃይማኖት ተስፋጽዮን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 10/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ወ/ሮ ብርሃን ቀለታ ባይሩ፡ ኣቦይ ቀለታ ባይሩ ዑቕባዝጊን ኣደይ ኣበባ ፍስሃጼን ሳህሉን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ በለጠሽ ጸጋዮ ሙብራህቱ፡ ሓፍተይ ኣይንኣለም ጸጋዮ ሙብራህቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 10/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጉዳይፍ

ኣቶ ይግዛው ሕሩይ ገብረሂወት፡ ወለድና ሕሩይ ገብረሂወት ቸሩን ኣዴና ኣልጋሽ ኣሰማረ ምትኩን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 10/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ቁሸት

ወ/ሮ ሓረጉ ኣርኣያ ኣብርሃ፡ በዓል ቤተይ ተለንተ ኢሳያስ ወልደገርግሽ ሉባሲ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ የርዳኖስ ተኸለ ሃይሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዑቕባዝብርኤል ደብሳይ ጻዕዱ፡ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ደጸዋዓለይ ስለዝበለት፣ ን18/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ተስፋሚካኤል ተስፋገርግሽ ገብረታትዮስ፡ ኣቦይ ተስፋገርግሽ ገብረታትዮስ ተወልደመድህንን ኣደይ ኣብርሀት ተኸሉ ማሉን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ወ/ሮ ጉዕት ሃይለ ገብረገርግሽ፡ ኣቦይ ሃይለ ገብረገርግሽ ከምኡ'ውን ኣደይ ንግስቲ ገብረክርስቶስ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 5/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዳዕሮ ጳውሎስ

ኣቶ ኢሳቕ ኣብራሃም መንግስን ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃም መንግስን፡ ኣዴና ለምለም ሃብተ ሰሎሙን ብዘወት ከላ ብለበዋ ዝለኣትና 5 ክፍልታትን ሓደ ክሽንን ክጸድቀልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 23/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ወ/ሮ ትርሓስ ኣማረ ደብሳይ፡ በዓል ቤተይ ሰለሙን ገብረ ገብርሂወት ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገሸናሽም

ወ/ሮ መርሃዊት ሙብራህቱ ፡ በዓል-ቤተይ ሃብቶም ገብራይ ፍጡር ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!


## ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣዚና እንፈቅሮን ነኽብሮን ኣሚኒይ መምህር ኣብርሃም ገብረማርያም መቶኝን ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ኖርወይ ካብ ግዜ ሕማሙ ጀሚርኩም ዝኣለኹም፡ ዝበጻሕኩምን ዝተሓባበርኩምን፡ ኣብ ዓዲ ሳምዛ (ሱሓርቲ) ውሉደ ካህናትን ኩሉኹም ዘቃበርኩምናን ናብ ገዛ ብምምልላስን ብመራኽበታትን ካብ ወሸጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምናን ዝደበስኩምናን ብምምስጋን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ምዕጻውና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ሉቱ ኣርኣያ፣ ሓው. ይሃደስ ገብረማርያም

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዝዩ ዘፍቅራ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ወይዘሮ ሉተብርሃን ቀሺ ከሰተ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ኳዜን ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሸጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ዘተሓዘንኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

በዓል ቤተን ግደይ ኢሳቕ
ምስ ደቃን

ንሕና ወረስቲ ነፍ/ መለሰ ተኸለ ብሩ፡ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ዚፕ ኮድ ዕዳጋ ሓሙስ 1A 111 ጎደና 112-16፡ ቁጽሪ ገዛ 13 ፕሎት 91 ፓርሰል "G"፡ ስፍሓት 114.34 ት/ሜ ዝርከብ፡ ኣብ ሚ/ሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መለለዩ ንብረት 1፡003600/1 ዕለት 18/01/2010 ብሽም መለሰ ተኸለ ዝተመዝገበ፡ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ መአገዲ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ሰምሃር መለሰ
ወከል ወ/ሮ ደሃብ ደብሳይ
2.ሃኒባል መለሰ

ኣመልካቲ ኣልኣዛር ዳዊት +3 ዝኾንና፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገዛ ባንዳ ዝርከብ ስፍሓት መሬት 800 ት/ሜ Asd 00020014 Asp 00022281 plot 111 parcel C ዝኾነ፡ ቀንዲ ክፍሊ 13 ምስ 8 ተሓጋገዝቲ ዘጠቓለለ መንበሪ ገዛ፡ ጎደና ረፈረንደም ዝርከብ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASMO016752 ብሽም ኤፍሬም ዳዊት+4 ዝተመዝገበ ገዛ መሰረት፡ ብዕለት 06/05/2007 ዝገበርናዮ ምቅሊት፡ ኑቲ ብጽሒትና ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤ/ጽ ኑታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

ኣልኣዛር ዳዊት

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሮናልዶ ካብ ስዑድያ ክጥረዝ ጻውዒት ቀሪቡ

ሓሙሽተ ግዜ ሽልማት ብሎጽ ተጻዋታይ ዓለም ዝወሰደ ፖርቱጋላዊ ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ናብ ደገፍቲ ኣንጻር ጋንታኡ ካብ ስፖርታዊ ዲሲፕሊን ወጻኢ ምልክት ኣርኢኻ ተባሂሉ ዘለፉ ይወርዶ ከም ዘሎ ማዕከናት ዜና ስፖርት የጋውሓ ኣለዋ። ብሰሉስ ምሸት ክለብ ኣል-ነስር ኣንጻር መቐናቕንታ ኣል ሂላል ገጢማ 2-ብ0 ኣብ ዝተሳዕረትሉ ግጥምዩ ሮናልዶ ዚ ምልክት ኣርኢኻ ዝበሃል ዘሎ። እቲ ተጻዋታይ ምሉእ 90 ደቓይቕ ተጻዊቱ ካብ ሜዳ ኣብ ዝወጸሉ ዝበረ ግዜ ደገፍቲ ኣል ሂላል "መሲ፡ መሲ፡ መሲ" ኢሎም ድሕሪ ምጭርሖምዩ ሮናልዶ ዘይስፖርታዊ ምልክት ኣርእዩ ተባሂሉ ዝኽሰስ ዘሎ። ናይ ሮናልዶ ጋንታ ኣል-ነስር ኣብዚ ናይ ሰሉስ ምሸት ጸወታ ሰለስተ ነጥቢ ምኽሳራ፡ ዝያዳ ሓደ ጸወታ ኣብ ኢዳ ሒዛ ክንሳ ካብታ መራሕት ዝሓዘት ኣል ኢቲሓድ ብሰለስተ ነጥቢ'ያ ድሒራ ዘላ። ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዓ ዘላ ኣል ሸባብ ከኣ ካብ ኣል-ነስር ሓደ ተረፍ ጸወታ ከለዋ ብሰለስተ ነጥቢ ጥራይ'ያ ተፈልያ ዘላ። በዚ ኸኣ ሮናልዶ ናብ ስዑድያ ከይዱ ዘውዲ ሻምፒዮን ከይደፈአ ውድድሩ ከይውድእ ኣብ ስግኣት እዩ ኣትዩ ዘሎ። ወዲ 37 ዓመት ሮናልዶ፡ ኣብዚ ናይ ሰሉስ ጸወታ ጋንታኡ 1-ብ0 ተመራሓ ከላ ብእግሩ ምጻዋት ጉዲፉ ንመጋጥምቱ ብኸሳዱ ብምሕናቑ ብናይ ቀደም ናይ ፕሪመር ሊግ ማእከላይ ዳኛ ማይክል ኦሊቨር ብጫ ካርድ ክወስድ ተገዲዱ'ዩ። ሮናልዶ ነቲ መጋጥምቱ ኣብ 'ናጻ ቅልስ' ጥራይ ብዘረአ ኣገባብ ኣተሓሒዙ'ዩ ኣውዲቕዎ። ጸወታ ምስ ተወደአ ዘርኣዮ ኣዘራቢ ኮይኑ ዘሎ ምልክት ተደሚሩዎ ከኣ መዛረቢ ማዕከናት ዜና ስፖርት ኮይኑ ኣሎ። ዝሓለፈ ሰሙን ኣሰልጣኒ ኣል-ነስር ሩዲ ጋርሽያ ምስ ሮናልዶ ክሰማማዕ ብዘይ ምኽኣሉ ብስምምዕ ካብ መዝነቱ ከም ዝተኣልየ ዝዘከር'ዩ። ንሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ወከሉ 198 ጸወታታት ኣካይዱ ዘሎ ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ምስ'ዛ ሓዳሽ ስዑዳዊት ጋንታኡ ኮይኑ ኣብ ዘካየዶም 13 ዝተፈላለዩ ጸወታታት 11 ሸቶታት ከመዝግብ'ኳ እንተኸኣለ፡ ኖ ከም ዘይረገአ'ዩ ግን ዝግለጸሉ። ሮናልዶ፡ በዚ ናይ ሰሉስ ፍጻመ ብርክት ዝበሉ ወገናት ካብ ስዑዲ ዓረብ ክጥረዝ ከም ዝግበኦ ይኸሱ ብምህላዎም እቲ ኩነታት ካብ ዝኸፍኦ ናብ ዝከፍኦ ዝኸይድ ዘሎ። ክለብ ኣል-ነስር ነዚ ብምስትብሃል፡ እቲ ጸየፍ ተባሂሉ ዝግለጽ ዘሎ ምልክት፡ ኮነ ኢልካ ናብ ደገፍቲ ዝቐነዐ ከም ዘይነበረ ብምሕባር፡ ሮናልዶ ብኻልእ ናይ መጉዳእቲ ኩነታት ተደሪኹ ከም ዝገበሮ ዝገልጽ ስምዒት ኣቕሪባ ኣላ። ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ምስ ስዑዳዊት ክለብ ብትርንዕ ዝበለ መጠን ገንዘብ ናይ ሰለስተ ዓመት ውዕል ዝፈረመ ሮናልዶ፡ ዝመጽእ ሰንበት 24 ሚያዝያ ዋንጫ ንጉስ ንምዕታር ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ኣንጻር ክለብ ኣል ወሀዳ ጸወታ ይጸበዮ ኣሎ። ሮናልዶ ካብ ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ ወጺኡ ናብ ኤሲያ'ኳ እንተኸደ፡ ኣዒንቲ ኩሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ግን ኖ ካብኡ ኣይተኸወላን ዘለዋ። እቲ ተጻዋታይ ዝሓለፈ ዓመት ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ክሰማማዕ ብዘይ ምኽኣሉ'ዩ ናብ ክለብ ኣል-ነስር ከይዱ።




## 300 ሚልዮን ፓውንድ ፋቱራ ተጻወትቲ ቸልሲ ክቖረጽ'ዩ

እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ዝመጽእ ዓመት ካብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ምእሊያ፡ ከምኽብቲ ተጻወትቲ እታ ጋንታ 30% ደሞዝ ናይ ምቑራጽ ኩነታት ከም ዘጋጥማ ጸብጻብት ሓብሪም። በዚ ኸኣ ኣቦላት እታ ጋንታ ሕጉሳት ከም ዘየለዉ ይግለጽ ኣሎ። ቸልሲ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ናይ ምስታፍ እኽሎ ዕድላ ኣብ ኢድ ሪያል ማድሪድ'ዩ ወዲቑ ነይሩ። ብሰሉስ ምሸት ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ እታ ጋንታ ብሪያል ማድሪድ ብናይ ክልተ እግሪ ድምር ወጽኢት 4-ብ0 ተሳዒራ ካብቲ ውድድር ድሕሪ ምእሊያ ከኣ፡ ዋላ'ኳ ክልተ ግዜ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ትዕተር፡ ኣብ መድረኽ ክሳዕ እግሪ ኤውሮጳ ዘይትሳተፈሉ ዓመት በጺሒዋ። ወገንትን ተጻወትትን ቸልሲ ኣብ መዳይ ደሞዝ ምስ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዝተኣሳሰረ ስምምዕ ከም ዘለዎም ይፍለጥ። ዝሓለፈ ዓመት እዞም ክልተ ወገናት፡ እታ ጋንታ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ትጻወት ምስ ዘለዎም ኩንትራት ተኣሳሲሩ ሞቓሽሽ ክወሃቦም፡ እታ ጋንታ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ትእለ ከኣ ደሞዝ ተጻወትቲ ክቖረጽ ዝብል ስምምዕ ተበጺሑ ከም ዝነበረ ኣይርሳዕን። ናይ ቀደም ወናኒ ቸልሲ ሩስያዊ ሮማን ኣብራሞቪች፡ ተጻወትቲ ዝኾነ ዋንጫ ምስ ዝዕትሩ ሞቓሽሽ ክወሃቡ ዝብል ስምምዕ'ዩ ነይሮም። ዝሓለፈ ዓመት እዚ ናይ ቀደም ስምምዕ ብምቕያሩ ግን ኣብዚ ቀረባ ግዜያት ምስታ ጋንታ ዝተጸንበሩ ይኹኑ ኖ ምስታ ጋንታ ውዕል ዘለዎም ተጻወትቲ 30% ካብ ደሞዞም እናተቖርጸ ክጻወቱ ክግደዱ'ዮም። ቸልሲ ንዓመታ ኣብ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ሱታፌኣ እንተተረጋጊጹ ነይሩ፡ እዞም ተጻወትቲ ናይ 50% ወሰኽ መሃያ መጋጠሞም ዝብል ወረ እውን ኣሎ። እዚ ሓድሽ ስምምዕ ሞራል ተጻወትቲ ንምብራኽ ተባሂሉ'ዩ ተኣታትዩ ነይሩ። ወጽኢቱ ግን ሞራል ተጻወትቲ ዝሰበረ ኮይኑ። ኣብ ግዜ ሮማን ኣብራሞቪች ምስታ ጋንታ ውዕል ዝፈረሙ ተጻወትቲ ግን በዚ ሓድሽ ሕጊ ከም ዘይጸለዉ ተፈሊጡ ኣሎ። ቸልሲ ኣብዚ ሓድሽ ምምሕዳራ 12 ሓደሽቲ ተጻወትቲ ከተፈርም ኩሉ፡ ሸውዓተ ነባራት ተጻወትቲ ከኣ ውዕሎም ከም ዘሕደሱ ሰዓት ስታንፎርድ ብሪጅ የረድኡ። በዚ ኸኣ መብዝሕትኦም ተጻወትቲ ብምውጻእ ቸልሲ ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ከም ዝተጸልዉ ይግመት። ቸልሲ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ መስኮት ምስግጋር ተጻወትቲ፡ ኣስታት 600 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዘጥፈኣት ይፍለጥ። ይኹን'ምበር፡ እዚ መጠን ገንዘብ ወጽኢት ክርከቦ ኣይከኣለን። በዚ ድማ እታ ጋንታ ኣደዳ ነቐፌታ ኮይና ትርከብ። ዓርኪ ወናኒ ቸልሲ ዝነበረ ሮማን ኣብራሞቪች ምኽንያት ዝነገረሉ ናይ ቀድም ተጻዋታይ እታ ጋንታ ኣይቮርያዊ ዲደር ድሮግባ እውን ድሮ "ናይ ቀደም ክለበይ ምልሲያ ስኢና" ብምባል ምስ ወገንቲ እታ ጋንታ ናይ ቃላት ኩናት ጀሚሩ ኣሎ።




## ራሽፎርድ ናብ ጸወታ ተመሊሱ

ሓደ ካብ ብሉጻት እንግሊዛውያን ኣጥቃዕቲ ምዃኑ ዝእመነሉ ማርከስ ራሽፎርድ፡ ጋንታኡ ኣብ ግጥም ካልኣይ እግሪ ዩሮፓ ሊግ ኣንጻር ሰቪያ ንምጽዋት ኣብ ትቀራረበሉ ዘላ ግዜ ናብ ልምምድ ምምላሱ ንደገፍቲ ሬድ ዴቭልስ ፍሉይ ባህታ ፈጢሩ። ማንቸስተር ዩናይትድ ሎሚ ሓሙስ ምሸት ናብ ሰቪያ ከይዳ ወሳኒ ጸወታ ንምክያድ ኩሉ ምድላዋታ ኣጻፊፋ ከም ዘላ ይንገር። እዘን ክልተ ጋንታታት ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሜዳ ማንቸስተር ዩናይትድ ማለት ኦልድ ትራፎርድ ኣብ ዝገበራኦ ናይ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ፡ 2-ብ2 ከም ዝተፈላለያ ኣይርሳዕን። በዚ'ዩ እዚ ናይ ሎሚ ናይ ካልኣይ እግሪ ጸወታ ልዑል ትኹረት ክወሃቦ ክኢሉ ዘሎ። ራሽፎርድ ቅድሚ ጸወታ ናብ ልምምድ ምምላሱ ከኣ ንመስመር መጥቃዕቲ ዩናይትድ ዓቢ ድጋፍ ኮይንዎ ኣሎ። ኣብ ዩናይትድ ዝለዓለ ሸቶ ኣመዝጋቢ ዘሎ ማርከስ ራሽፎርድ፡ ኣቐዲሙ ጋንታኡ ንኤቨርተን 2-ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ግጥም ኣብ ረጃሒቱ መጉዳእቲ ከም ዘጋጠሞ ይፍለጥ። ብሰንኪ'ዚ መጉዳእቲ ከኣ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ጸወታታት ጋንታኡ ክሰለፍ ኣይከኣለን። ራሽፎርድ ኣብ ዝሓለፉ 45 ዝተፈላለዩ ጸወታታት ዩናይትድ 27 ሸቶታት'ዩ ከመዝግብ ክኢሉ ዘሎ። ብዘይካ ራሽፎርድ፡ ተኸላኻላይ እታ ጋንታ ለክ ሻውን ማርሴል ሳቢትዘርን እውን ናብ ልምምድ ክምለሱ ምኽኣሎም ንዩናይትድ ዓቢ ሞራል ኮይንዎ ኣሎ። ለክ ሻው ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ጸወታታት ዩናይትድ ከም ዘይነበረ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ሳቢትዘር ከኣ ሒደት ደቓይቕ ቅድሚ'ቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዩናይትድ ኣንጻር ኖቲንግሃም ፎረስት ዝገበረቶ ጸወታ መግጥምቲ ከም ዘጋጠሞ ይዝከር። ኣብዚ ናይ ሰንበት ግጥም ዘይነበረ ማላሲያ እውን ትማሊ ረቡዕ ልምምድ ኣካይዱ ኣሎ። ዩናይትድ ኣብ ዝሓለፈ ሳምንታት ተደጋጋሚ መጉዳእቲ ተጻወትቲ ከም ዘጋጠማ ይፍለጥ። ዝሓለፈ ሰሙን ኣንጻር ሰቪያ ኣብ ዝገበሮ ናይ ቀዳማይ እግሪ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ዩሮፕያን ሊጉ ንቕድሞት ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ሊሳንድሮ ማርቲነዝን ራፋኤል ቫራንን ክትክእሮም ከም ዝተገደደት ኣይርሳዕን። ንማርቲነዝ ንምሉእ ወቕቲ ዝኸሰረ ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ብዘይ 10 ቀዳሞት ተጻወትቱ ከም ዝበረ ኣይዘንጋዕን። ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሸት ጸወታ ራሽፎርድ ምምላሱ ግን ነቲ ኣሰልጣኒ ዝዓበየ ጸጋ'ዩ። ኣብ ናይ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ፡ ዩናይትድ ንጸወታ ምሉእ ብምሉእ ብምቁጽጻር ናይ 2-ብ0 መራሕነት ሒዛ'ኳ እንተነበረት፡ ኣብ መወዳእታ ግን 2-ብ2 ክትፈላለ እያ ተገዲዳ። ይኹን'ምበር፡ እታ ጋንታ ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ኣንጻር ስጳኛውያን ጋንታታት ጸቡቕ ወጽኢት ከም ዘለዋ'ዩ ዝእመን። ዩናይትድ ኣቐዲማ ንሪያል ሶሴዳድን ሪያል ቤቲስን ኣብ ሜዳአን ከም ዝሰዓረተን ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ምስ ባርሰሎና ከኣ ኣብ ኑ ካምፕ ማዕረ ክትፈላለ ክኢላ'ያ። ዩናይትድ ድሕሪ'ዚ ሎሚ ምሸት ናብ ሰቪያ ከይዳ ተካይዶ ግጥም፡ ናብ ስታድየም ዌብሊ ከይዳ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ኤፍ. ኤ. ካፕ ኣንጻር ብራይተን እያ ክትጻወት። ከም ሎም ሓሙስ ከኣ ምስ ቀዳሞት ኣርባዕተ ጋንታታት ፕሪመር ሊግ ኮይና ናይዚ ዓመት ውድድራ ንምፍጻም ኣንጻር ቶተንሃም ክትጠማጠም እያ። ዚ ኣገደስቲ ጸወታታት ንኽትዕወተሉ ከኣ፡ ምድልዳል መስመር መጥቃዕታ ኣገዳሲ ምዃኑ'ዩም ተንተንቲ ክሳዕ እግሪ እንግሊዝ ዝዋምምዑ። ብቐጻሪ ሓቂ እንተረጋጊጹ፡ ዩናይትድ ሰለስተ ዋናጩ ንምዕታር ተኽእሎ ኣለዋ። ዋላ'ኳ ካብ ግጥም ካራብኦ ካፕ እንተተዓወተት፡ ጸዋእ ዩሮፕያን ሊግን ኤፍ ኤ ካፕን ንምዕታር ግን ምሉእ ተስፋ ኣለዋ። ሎሚ ምሸት ድማ ሓንቲ ካብዘን ዕድላት ከይተጥፍኣን ዝኸኣላ ክትገብር'ያ። ማንቸስተር ሰቲ ኣብ ታሪኻ ንፈለማ ግዜ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ንምዕታር ኣብ ትግዕዓዘሉ ዘላ እዋን (ክሳብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንሕትመት ትበጽሕ ምዃኑ'ዩ) ማንቸስተር ዩናይትድ ጸዋእ ዩሮፕያን ሊግ ካብ ምዕታር ምስ ትበኮር ከም ውድቀት ክቖጻር ከም ዝኽእል'የን ጋዜጣታት እንግሊዝ ዝጸሓፋ ዘለዋ። በዚ ኸኣ እዚ ናይ ሎሚ ምሸት ግጥም ከቢድ ይግበር።




### መደብ ጸወታ
**ሎሚ**

ግጥም ፍሬቕ ፍጻመ ዋንጫ ናጽነት
ሰዓት 2:00 ድ/ቀ
ማይተመናይ ምስ ኣልታሕረር
ሰዓት 4:00 ድ/ቀ
ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ደንደን
ግጥም ርብዒ ፍጻመ ዩሮፕያን ሊግ
ሰዓት 10:00 ምሸት
ሮማ ምስ ፈይኖርድ
(Agg 0-1)
ሰቪያ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ
Agg (2-2)
ስፖርቲን ሊዝበን ምስ ጁቬንቱስ
(Agg 0-1)
ዩኒዮን ሰይንት ምስ ባየር ለቨርኩሰን
(Agg 1-1)

# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ቻይና ኣብ ሆስፒታል ብዘጋጠመ ባርዕ 12 ጥርጡራት ኣሲራ

ቻይና፡ ኣብ ከተማ በይጂንግ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል ብዝተላዕለ ባርዕ ብዘተኣሳሰር፡ 12 ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝአተወት ኣፍሊጣ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ዘጋጠመ ባርዕ ብውሕዱ 29 ሰባት ህይወቶም ከምዝሰኣኑ ተፈሊጡ ኣሎ። ገለ ተሓከምቲ'ውን እቲ ባርዕ ኣብ ዝተኽሰተሉ እዋን ብመሳኹቲ ናይቲ በዓል ሓያሎ ደርቢ ሆስፒታል እናወጹ ናብ መሬት ክዘሉ ከምዝተራእዩ ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

እቲ ኣብ 'ቻንግፌንግ ሆስፒታል' ዝተባህለ ትካል ጥዕና ዘጋጠመ ባርዕ ብኸመይ ተበጊሱ ዛጊት'ኳ እንተዘይተፈልጠ፡ ብናይ ሸርሒ ወይ ሸለልትነት ተግባራት ዝተጠርጠሩ ሰራሕተኛታት ግን ተኣሲሮም ከምዘለዉ ፖሊስ ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሩ።

እቲ ሆስፒታል እናነደደ እንከሎ ዝርአ ምስሊ ቪድዮ ብመንገዲ ተለቪዥን ድሕሪ ምትሕልላፉ ሓያሎ ሰባት ደሃይ ናይቶም ኣብቲ ሆስፒታል ዝደቀሱ መቕርቦም ንምፍላጥ ኣብ ኣፍደገ'ቲ ትካል ከምእተኣኻኸቡን ኣብ ልዕሊ ሓለፍቲ ናይቲ ትካል ዘለዉዎም ከምዘሰምዑ'ዎ ዝነገሩ።

ሰብ መዚ'ቲ ከባቢ፡ እቶም ኣብቲ ሆስፒታል ደቂሶም ዝሕከሙ ዝነበሩ ሕሙማት ናብ ካልእ ሆስፒታል ከምእተወሰዱ ገሊጾም።

ኣስታት 70 ሕሙማት ደማ ብሓገዝ ሰራሕተኛታት መጥፋእቲ ሓዊ ናብ ካልእ ሆስፒታል ከምዝተጓዕዙ እዩ ዝግለጽ።

ህንጻ ናይቲ ሆስፒታል ኣብ መስርሕ ጽገና ብምንባሩ፡ ኣብ መስርሕ ብወዘቢ ዝተፈጥረ ብልጭታ ኤሌክትሪክ ጠንቂ ባርዕ ኮይኑ ዝብል ግምት ከምዘሎ ሰብ መዚ'ቲ ከባቢ ኣረዲኦም።

ኣብ ርእሰ ከተማ ቻይና - በይጂን ኣብ ዝርከብ ሆስፒታላት ከምዚ ዓይነት ናይ ባርዕ ሓደጋ ኪጋጥም ኣብ ወሽጢ 10'ታት ዓመታት ናይ ፈለማ ተርእዮ ከምዝኾነ እዮም ጸብጻባት ዘጽንዑ።



## ናይጀርያ - ብዕጡቓት ጅሆ ተታሒዘን ዝጸንሓ ተመሃሮ ኣምሊጠን

ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ብዕጡቓት ጅሆ ተታሒዘን ዝጸንሓ 8 ተመሃሮ ካብ ማእሰርቲ ከምልጣ ከምዝኸኣላ ተሓቢሩ።

ምንጭታት'ቲ ከባቢ ከምዝሓበሩዎ፡ እተን ተመሃሮ ቅድሚ ክልተ ቅነ ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ብዕጡቓት ተገዲደን ምስተወሰዳ ክሳብ ሕጂ ደሃየን ጠፊኡ'ዩ ጸኒሑ።

ኣብ ሰሜናዊ ናይጀርያ ብጉጅለ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት፡ ኣብያተ ትምህርቲ ብምውራር ንተመሃሮ ናይ ምጭዋይን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ናይ ዝምታ ተግባራትን ብቐጻሊ ከምዝፍጽሙ ምንጭታት'ቲ ከባቢ የመልክቱ።

ብ4 ሚያዝያ ኣብ 'ካዱና' ዝተባህለ ሰሜናዊ ዞባ ናይጀርያ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ተፈዲሰን ንዝነበራ ዝኾነ ዝበራ ሓያሎ ደቀንስትዮ መንነቶም ብዘይተፈልጡ ዕጡቓት ተጨውየን ከምእተወሰዳ ጸብጻባት ይሕብሩ።

እተን ካብ ኣደ እቶም ዕጡቓት ዝሃደማ ከምልጣ ዝኸኣላ 8 ተመሃሮ፡ ኣብቲ ምስ ኒጀር ዝዳወብ ከባቢታት ሰሜናዊ ምዕራብ ናይጀርያ ብጸንሑ ተታሒዘን ከምዝነበራን ካብኡ ሃዲመን ንሓያሎ መዓልታት ብእግረን ከምእተጓዓዛን ንጋዜጠኛታት ሓቢረን።

ሰራዊት ናይጀርያ፡ ኣብ ወፍሪ ኣንጻር ዕጡቓት ቦኮሓራም ተጸሚዱሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል'ታ ሃገር ሓያሎ ዕጡቓት ገበነውያን ጉጅለታት ብቐጻሊ ንተመሃሮ ብምጭዋይ መበደልቲ ክኽፈሎም ሕቶ ከምዘቕርቡን ንመንግስታት ከምዘሸገሩን እዩ ዝግለጽ።



## 'ህንዲ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ንቻይና ብብዝሒ ህዝቢ ክትበልጻ እያ' ተባሂሉ

ህንዲ፡ ኣብ መፋርቕ ናይዚ ዓመት'ዚ ንቻይና በሊጻ ኣብ ዓለም ብብዝሒ ህዝቢ ቀዳመይቲ ክትከውን ምዃና፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝርገሖ ሓድሽ ጸብጻብ ኣመልኪቱ።

እቲ ውድብ ኣብቲ ትማሊ ረቡዕ ዝርገሖ ጸብጻቡ፡ ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ ወርሒ፡ ብዝሒ ህዝቢ ህንዲ 1.4286 ቢልዮን፡ ብዝሒ ህዝቢ ቻይና ከኣ 1.4257 ቢልዮን ክበጽሕ ምዃኑ ሓቢሩ።

እዚ ማለት ከኣ፡ ብዝሒ ህዝቢ ህንዲ ንመጠን ህዝቢ ቻይና ብኣስታት 3 ሚልዮን ክበልጾ ምዃኑ ዘርኢ ምዃኑ፡ እቲ ጸብጻብ ጠቒሱ።

ብዘይካዚ፡ ኣመሪካ'ውን ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ 340 ሚልዮን ብዝሒ ህዝቢ ብምምዝጋብ፡ ንቻይና ተኸቲላ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ክትስራዕ ምዃና፡ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ፡ ሸሞንተ ሃገራት ማለት ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ግብጺ፡ ኢትዮጵያ፡ ህንዲ፡ ናይጀርያ፡ ፓኪስታን፡ ፊሊፒንስን ታንዛንያን፡ ኣብ 2050 ኣብ መጠን ህዝቢ ዓለም ካብ ዝምዝገብ ዕቤት 50% ክሽፍና እየን።

ህንድን ቻይናን ካብቲ 8.045 ቢልዮን በጺሑ ዘሎ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ልዕሊ ሓደ ሲሶ ከምዝሽፍና፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ብዝሒ ህዝቢ ቻይና ናይ ምንቅልቓል ምልክት ከምዘርኣየ፡ እዚ ከኣ ድሕሪ 60 ዓመት ናይ ፈለማ ተርእዮ ከምዝነበረ ይዝከር።

ድሕሪ 50 ዓመት፡ መጠን ህዝቢ ዓለም ናብ ኣስታት 10.4 ቢልዮን ክዓቢ ትጽቢት ከምዘሎ፡ ማሕበር ህዝቢ ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNFPA) ይሕብር።



## ኢራን፡ ንእስራኤል ክትድምስሳ ድልውቲ ምዃና ኣጠንቂቓ

ኢራን ነታ 'ታሪኻዊት ጸላኢተይ' እትብላ እስራኤል ክትድምስሳ ድሉውቲ ምዃና፡ ፕረዚደንት እታ ሃገር ኢብራሂም ራኢሲ ኣጠንቂቑ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃቦ ዝሓለፈ ሰሉስ ንዓመታዊ ወተሃደራዊ ምርኢት ሃገሩ ኣብ ዝተዓዘበሉ እዋን ኮይኑ፡ "ኢራን ካብ እስራኤል ዋላ ንእሽቶ ተጻብኦ ምስ ዘጋጥማ፡ ንከተማታት ሃይፋን ቴል-ኣቪቭን ብወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ክትድምስሰን እያ" ኢሉ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣመሪካን ካልኦት ዞባውያን ሓይሊታትን እውን ንስለ ድሕነቶምን ረብሓታቶምን ክብላ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ጠቕሊለን ክወጻ ኣተሓሳሲቡ።

ኢራን ንእስራኤል ክትድምስስ ተዳልያ ምህላዋ ትገልጽ ዘላ፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዝጸንሐ ምትፍናን ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ዓሪጉ ኣብ ዘለወሉ እዋን'ዩ።

ኢራን፡ ቡቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሓደ ኣጻዋር እተፍርየሉ ወተሃደራዊ ፋብሪካ ዝተፈጸመ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ ንእስራኤል ከምዝኸሰሰት፡ እስራኤል ብወገና፡ "ኢራን ሰብኣልቦ ነፋሪት ብምልኣኽ ንክሊ-ኣየረይ ጥሒሳ" ብምባል ኣብ ፈለማ ናይዚ ወርሒ'ዚ ክትከስስ ከምእተሰምዐት ይዝከር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኢራን ኣብ መፍረ ኣዕነውቲ ኣጻዋር ዘገልግል ዩራንዩም ንምምዕባል ኣብ ጥርዚ በጺሓ ከምዘላ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ነታንያሁ ኣጠንቂቑ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ መግለጺኡ፡ ኢራን ኣቶማዊ ቦምባ ክትውንን እንተደኣ ክኢላ፡ 'ኣብሀራሪ' ክብል ዝገለጾ ኑክልሳዊ ውግእ ናይ ምውላዕ ተኽእሎ ርጉጽ ክኸውን ምዃኑ ወሲኹ ኣገንዚቡ።



## መክሲኮ፡ ልኡላውነታ ብኣመሪካ ይገሃስ ምህላዉ ከሲሳ

ፕረዚደንት መክሲኮ ኣንድረስ ማኑወል ሎፐዝ፡ ኣመሪካ ብስም ሃድን ኣንጻር ገበነኛታት ዕጹ ፋርስ ንልኡላውነት ሃገሩ ዝግህስ ተግባራት ትፍጽም ምህላዋ ከሲሱ።

ፕረዚደንት ሎፐዝ ነቲ ክሲ ዘስምዕ ዘሎ፡ ሓይልታት ጸጥታ ኣመሪካ ኣብ ወሽጢ ዶባት መክሲኮ ብምእታው ኣንጻር ገበናዊ ጉጅለ 'ሲናሎ' ዝቐንዐ ስርሒት ከምዝፈጸሙ ድሕሪ ምግላጾም እዩ። ኣመሪካ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘካየደቶ ስርሒት፡ መራሒ ናይቲ ገበናዊ ጉጅለ ዝርከቦም 28 ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝአተውዎም እያ ትገልጽ።

ፕረዚደንት መክሲኮ፡ ኣመሪካ ዝሓለፈ ቅንያት ኣንጻር'ቲ ኣብ ዘይሕጋዊ ንግዲ ዕጹ ፋርስ ከምዝጥፍ ዝገለጾቶ ጉጅለ ዘካየደቶ ስርሒት ዘይጽላእ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ወተሃደራዊ ስርሒት ኣብ ወሽጢ ልኡላዊ መሬት ሃገሩ ክካየድ እንከሎ ብኣፍልጦን ፍቓድን መንግስቲ መክሲኮ ጥራይ ክኸውን ከምዝነበሮ ኣረዲኡ። ኣመሪካ ብኣደ ዋኒና ኣብ ስግረ-ዶባት እተካይዶ ወተሃደራዊ ስርሒታት ንልኡላውነት ሃገራት ዝጥሕስ ብምዃኑ ብዘኾነ ይኹን መለክዒ ቅቡል ከምዘይኮነ ደማ እቲ ፕረዚደንት ኣፍሊጡ።

ኣብ መጻኢ፡ ሓይልታት ጸጥታ ኣመሪካ ናብ ዶባት መክሲኮ ከም ዊንታኦም ብምእታው ዘካይድዎ ዝኾነ ይኹን ስርሒታት ደው ክብሉን ኣቐዲሞም ካብ መንግስቲ መክሲኮ ፍቓድ ክሓትቱን ከምዘለዎም ፕረዚደንት ሎፐዝ ከምዘጠንቀቐ መርበብ ሓበሬታ ሩሲያ ቱደይ ኣፍሊጡ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 20/04/2023 | ጎደና 173-18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤት ንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565